# ጸሎት ገድሊ

## ካብ ሰማያት ዝተላእኩ ጸሎታት

ንማርያ ዲቫይን ሜርሲ ካብ ሕዳር 2011 ክሳብ ለካቲት 2013 ዝተዋህበ ልሳናት

ካብ 1-99 እንኮላይ ጸሎት ምህለላ (ናይ ሓባር ጸሎታት)

2013 www.thewarningsecondcoming.com መጠንቐቕታ ምጽኣተ-ክርስቶስ (መሰል ኣሕተምቲ ሕሉው ኢዩ)

## ብዛዕባ'ዚ ጸሎት

ኣብ'ዚ መጽሓፍ ዘለዉ ጸሎታት ካብ ደቅ ሰብ ዝመንጨዉ ኣይኮኑን። ኣብ ኤውሮጳ ንእትቕመጥ ተራ፣ ምርዕውቲ ወይዘሮን ኣደ ስድራን ቃል ኣምላኽ ንኽትእውጅ ዝተዋህቡዋ ጸሎታት ኢዮም። ክትፍለጥ ኮነ ውርይቲ ክትከውን ከይተመነየት፣ ካብ ሕዳር 2010 ጀሚራ መዓልታዊ 700 መልኽታት ካብ ሰማያት ተቐቢላ። ኩሎም መልእኽታት ኣብ www.thewarningsecondcoming.com ዝብል ገጽ ናይ ኢንተርኔት ይርከቡ።

እዞም መልእኽታት እዚኣቶም ውጥን መለኮታዊ ኣምላኽ ንእትመዉት ዘላ ዓለም ዝገልጹ ኮይኖም፣ ብዛዕባ ቅድሚ ዳግማይ ምጽኣት የሱስ ክርስቶስ ዝርኣዩ/ዝፍጸሙ ዝምልከቱ ኢዮም። እዞም ራእያት፣ መልእኽታትን ጸሎታትን ብመንገዲ መንፈስ ቅዱስ ዝተማሓላለፉ ኮይኖም ኣብ'ዚ መጽሓፍ ከም'ቲ ንኣገልጋሊት ኣምላኽ ዝኾነት ማርያ ዲቫይን ሜርሲ ዝተነግሩዋ ሰፊሮም ኣለዉ።

ከም'ቲ ኣብ ግዜያት የሱስ ዝተወልደሉ፣ ኣምላኽ ንነብዩ ዮሃንስ መጥምቕ 'መንገዲ ኣምላኽ ንምቕናዕን' ንህዝበ-እስራኤል እቲ ናይ ነብዩ ኢሳያስ ትንቢታት ብዛዕባ እቲ መሲሕ ክፍጸሙ ከም ዝቐረቡ ንምንቃሕን ልኢኹ። መልእኽቲ ዮሃንስ መጥምቕ፣ እቶም ህዝቢ ብኑዛዜን መንፈሳዊ ንጽህናን ነቲ ዝመጽእ መሲሕ ንምቕባል ተዳልዮም ክጸንሑ ዝምህር ነበረ። ሎሚ ዝዋሃበና ዘሎ መልእኽቲ እውን ሓደ ዓይነት መልእኽቲ ኢዩ፣ እቲ መሲሕ ኣብ ቀረባ ግዜ ከምዝምለስን ንሕና ድማ ብመንፈስ ተዳሊና ክንጸንሕ ከም ዘለናን ኢዩ። ከምኡ እንተዘይጌርና፣ ሓጥያትና ብኹሉ ተቓሊዑ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብዓብዪ ሕንከት ነብስና ደው ኢላ ክንረኽባ ኢና፣ ሽዑ ዘሎ ሰንበድ ክትግምቶ ኮነ ክትርድኦ እኳ ፈጺምካ ኣይካኣልን።

ኣብ ብሙሉኡ ታሪኽ፣ ነብያት ኣምላኽ ተነጺጎም ኢዮም፣ እቲ ዝዓዘዘ ካብዚኦም ድማ ባዕሉ ወዲ ኣምላኽ በቶም ክድሕኖም ኢሉ ንዝመጽኤ ህዝቢ ተሰቒሉ። በዚ ዘለናዮ ዘመን እውን ካብ'ቲ ኣብ ዘመነ ዮሃንስ መጥምቕ ዝነበረሉ ግዜ ብዝተፈልየ ንልኡኽ ኣምላኽ ወይ'ውን ንባዕሉ ፈጣሪ ክቕበሉዎ ኢልካ ክግመት ኣይካኣልን ኢዩ። ይኹን'ምበር፣ ነቶም 'ኣብ በረኻታት ዓው ኢሎም ዝጭድሩ' ፣ ኩሉ ሓጥያት ዘበለ ሓዲግና ብክፉት ልቢን ፍቓድን፣ ሕድገቱን ጸግኡን ክንቕበል ናብ ፈጣሪና ክንምለስ ዘድምጹ ድምጽታት ብጽሞና ክንሰምዖም ግዴታና ኢዩ።

ነዞም መልእኽታት እዚኦም ምንጻግ'ሲ ልክዕ ከምቶም ንመጥምቕ ዮሃንስ ድሒሩ ድማ ንወዲ ኣምላኽ የሱስ ክርስቶስ ዝነጸጉ ዘጋጥሞም ሓደጋ የንጸላልወና።

ሓቂ ኣምላኽ ብምቕባልን ናብ ዝመርሓና ብምስዓብን፣ ንሕና ከም ስድራ ኖህን ሎጥን፣ ካብ'ቲ ናብ'ዛ ተጣራጣሪትን ምድራዊትን ዓለም ክወርድ ተቐሪቡ ዘሎ ቁጥዔው ክንተርፍ ንኽእል። ዋላ'ኳ ግዜ እንዳሓጸረ ይኸይድ እንተሎ፣ መታን ዋላ ሓንቲ ነፍሲ'ኳ ከይትጠፍእሲ የሱስ ናይ ዕርቂ ኢዱ ይዝርግሓልና ኣሎ። ክሳብ ክንደይ ካብ የሱስ ከም ዝረሓቕና ብዘየገድስ፣ ንምሕረቱ ተቐቢልና ናብ ልብና ክኣቱ ብምፍቃድ፣ ሕጂ'ውን እቲ ምስ ፈጣሪና ተዓሪቕና እንረኽቦ ባህታ ናብ ዘልኣለማዊ መንግስቲ ኣምላኽ ክንኣቱ ከለና ክንፈልጦ ኢና።

ኣብ'ዚ መጽሓፍ ሰፈሮም ዘለዉ ጸሎታት ክተንብቡ እንከለኹም፣ ልብኹም ከፊትኩም መንፈስ ቅዱስ መታን ክዛረበኩም ጸልዩ፣ ልብኹም ኣብሪህኩምን ናይ ጸግኡ ፍልጠት ተጠቒምኩምን ምንጪ ናይ'ዞም ኣብ'ዚ ዘለዉ ቃላት ክትርድኡ ፈትኑ።

## ጸሎታት ገድልን ምህለላን (ናይ ሓባር ጸሎት)

### መመልከቲ/መሔበሪ

### ጸሎታት ገድሊ

### ብኣቕሽሽቲ ዝጽለዩ ጸሎትትት ብሰማያዊ ሕብሪ ተመልኪቶም ኣለዉ


| | |
|---|---|
| 1) ህያበይ ንየሱስ ንምድሓን ነፍሲታት | ሕዳር 17, 2011 |
| 2) ንመራሕቲ ዓለም | ሕዳር 18, 2011 |
| 3) ምንጋፍ ዓለም ካብ ፍርሒ | ሕዳር 19, 2011 |
| (4) ምሕባር ኩሎም ስድራቤታት | ሕዳር 20, 2011 |
| (5) ሞገስ ንልዑል ኣምላኽ | ሕዳር 21, 2011 |
| (6) ንጸረ-ክርስቶስ ደው ምባል | ሕዳር 22, 2011 |
| (7) ነቶም ምሕረት ኣይንደልን ዝብሉ | ሕዳር 22, 2011 |
| (8) ንስሓ | ሕዳር 22, 2011 |
| (9) ስቅያት ከም መስዋእቲ ምሃብ | ሕዳር 28, 2011 |
| (10) ንሃልሃልታ ፍቕርኻ ምስካም | ሕዳር 29, 2011 |
| (11) ንሰብ ራእይ ምጽላእ ጠጠው ምባል | ሕዳር 30, 2011 |

(12) ምውጋድ ሓጥያት ኩርዓት ታሕሳስ 03, 2011

(13) ዘይተሓታቲየ ምባል ታሕሳስ 11, 2011

(14) ኣንጻር ውግእ ንዩክሌር ታሕሳስ 14, 2011

(15) ምስጋና ንህያብ መለኮታዊ ምሕረት ታሕሳስ 19, 2011

(16) ምቕባል ጸጋ ኣብ ግዜ መጠንቐቕታ ታሕሳስ 31, 2011

(17) መንፈሳት ጸላም ጥሪ 01, 2012

(18) ንጸረ-የሱስን ጉጅለኡን ደው ምባል ጥሪ 11, 2012

(19) ንመንእሰያት ጥሪ 13, 2012

(20) ጸረ-የሱስ ንዓለም ከየብረሳ እንከሎ ደው ምባሉ ጥሪ 19, 2012

(21) ስለ ድሕነትና ምስጋና ንፈጣሪ ኣቦ ጥሪ 24, 2012

(22) ካህናት፣ ትምህርቲ ቤተ-ክርስትያን ዓቕብዎ ጥሪ 28, 2012

(23) ንስለ ድሕነት ኣቡነ-በነዲክት ጥሪ 29, 2012

(24) ሙሉእ ስርየት ሓጥያት ንምሕረት ጥሪ 31, 2012

(25) ንዑቕባ ሰብ-ራእይ ኣብ ሙሉእ ዓለም ለካቲት 4, 2012

(26) ሃገርካ ንምድሓን ጸሎት ሮዛሪ ጸልይ ለካቲት 05, 2012

(27) ንናይ ዓለም ሰላም ለካቲት 06, 2012

(28) ስለ ሓድነት ኣብያተ ክርስትያን ዓለም ለካቲት 08, 2012

(29) ንክርስትያናዊ ግብሪ ዓቕብ ለካቲት 12, 2012

(30) ንምውጋድ ኲናት፣ ጥሜትን፣ ሃይማኖታዊ ምስጓግን ለካቲት 14 , 2012

(31) ጸሎት ሰንሰለት ዑቕባ ለካቲት 16, 2012

(32) ምንጻል-ጥንሲ ኣብ ኣየርላንድ ደው ንምባል ለካቲት 17, 2012

(33) ማሕተም እቲ ህያው ኣምላኽ ተቐበሉ ለካቲት 20, 2012

(34) ብምጿም ንየሱስ ህያብ ምሃብ (ንጾመ-ኣርብዓ) ለካቲት 22, 2012

(35) ነፍሳት ናብ ገነት ክኣትዋ መጋቢት 01, 2012

| | |
|---|---|
| (36) ነቲ ሓቀኛ ኣምላኽ ከኽብሮ ሓግዘኒ | መጋቢት 07, 2012 |
| (37) ሓድነት ኩሎም ደቂ ኣምላኽ | መጋቢት 14, 2012 |
| (38) ጸሎት ንድሕነት ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን | መጋቢት 20, 2012 |
| (39) ምድላው ነፍሳት ነታ ሓዳስ ገነት | መጋቢት 21, 2012 |
| (40) ካህናት፣ ንምምላስ ክርስቶስ ነፍሳት ኣዳልዉ | መጋቢት 24, 2012 |
| (41) ንነፍሳት ዘይኣመንቲ | መጋቢት 25, 2012 |
| (42) ሓደ ዓለማዊ ባጤራ ከይህሉ ብምጿም ምቅላስ | መጋቢት 27, 2012 |
| (43) ኣብ'ቲ ናይ መጠንቐቕታ ግዜ ነፍሳት ምድሓን | ሚያዝያ 3, 2012 |
| (44) እምነተይ ካብ'ቲ ሓሳዊ ነብዪ ምክልኻል | ሚያዝያ 12, 2012 |
| (45) ኣሉታዊ ሓባትካ ምስዓር | ሚያዝያ 17, 2012 |
| (46) ካብ መቑሕ ሰይጣን ነጻ ኣውጻኣኒ | ሚያዝያ 20, 2012 |
| (47) ንየሱስ ዘለካ ፍቕሪ መሊስካ ኣጉህሮ | ሚያዝያ 22, 2012 |
| (48) ጸሎት ንምእዋጅ ዳግማይ ምጽኣት ክርስቶስ | ሚያዝያ 22, 2012 |
| (49) መብጽዓ ተኣማንነት ንካህናት ክርስትያን | ሚያዝያ 24, 2012 |
| (50) የሱስ መን ምዃንካ ክፈልጠካ ሓግዘኒ | ሚያዝያ 30, 2012 |
| (51) ስለ ህያብ መንፈስ ቅዱስ | ግንቦት 04, 2012 |
| (52) ጸሎት ንኣብ | ግንቦት 08, 2012 |
| (53) ጸሎት ንካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን | ግንቦት 10, 2012 |
| (54) ጸሎት ንምውሓድ ሳዕቤን 3ይ ውግእ ዓለም | ግንቦት 16, 2012 |
| (55) ነቲ መጠንቐቕታ ምድላው | ግንቦት 21, 2012 |
| (56) ካህን: ንቅዱስ ቁርባን ምሕላው | ግንቦት 26, 2012 |
| (57) ጸሎተ-ካህናት-- የሱስ፣ ጻውዒትካ ኣስማዓኒ | ግንቦት 28, 2012 |
| (58) ገድሊ ጸሎተ ክርስትና ምቕባል | ግንቦት 31, 2012 |
| (59) ንመለኮታዊ ፍቓድ ተኣማንነትካ ምእዋጅ | ሰነ 13, 2012 |

| | |
|---|---|
| (60) ኣብ ግዜ መጠንቐቕታ ንስድራቤታት ክርስትና ከም ዝቕበላ ምግባር | ሰነ 14, 2012 |
| (61) ናይ ሓንቲ ዓለም ቁጽጽር ምውጋድ | ሰነ 17, 2012 |
| (62) ንዝጠፍኡን ሓጋዚ ዘይብሎምን ሓጥኣን | ሰነ 21, 2012 |
| (63) ኣብ'ዚ ጉዕዞ'ዚ ዓቅበኒ | ሰነ 29, 2012 |
| (64) ኣሕዋተይን ኣሓተይን ንምድሓን | ሓምለ 4, 2012 |
| (65) ኣብ ዜምዉት ሓጥያት ንዘለዉ | ሓምለ 9, 2012 |
| (66) ካህናት፣ ነቲ ዝለዓለ ቅዱስ ቃል ሓቀኛታት ኩኑ | ሓምለ 16, 2012 |
| (67) ደቀይ ካብ ንጉስ ሓሶታት ሰውረለይ | ሓምለ 17, 2012 |
| (68) ካብ ጽልዋ ሰይጣን ሰውረኒ | ሓምለ 23, 2012 |
| (69) ንኣምላኽ ኣቦ ስለ ምቕባል መለኮታዊ ፍቓዱ | ሓምለ 26, 2012 |
| (70) ካህናት፣ ነቲ ቅዱስ ቃሉ ብትሪን ሓቂን ሓዝዎ | ሓምለ 30, 2012 |
| (71) ካብ'ቲ ምስጓግ ኣድሕነና | ሓምለ 31, 2012 |
| (72) ጸሎት ወደ-መዝሙር | ነሓሰ 7, 2012 |
| (73) ንንኣሽቱ ነፍሳት፣ ንኣሽቱ ህጻናት | ነሓሰ 16, 2012 |
| (74) ንናይ ምርዳእ ክእለት | ነሓሰ 22, 2012 |
| (75) ስቓየይ ዘበለ ኣባ'ኻ ይድርብዮ ኣለኹ፣ ክቡር የሱስ | መስከረም 4, 2012 |
| (76) ጸሎት ዘይኣማኒ | መስከረም 10, 2012 |
| (77) ስለ ዓባይ ብሪጣንያ | መስከረም 17, 2012 |
| (78) ካብ ክፉእ ኣድሕነኒ | መስከረም 25, 2012 |
| (79) ንክልተ ቢልዮን ዝጠፍኣ ነፍሳት | መስከረም 27, 2012 |
| (80) ንስለ ነፍሳት ቀተልቲ-ሰብ | ጥቅምቲ 14, 2012 |
| (81) ስለ ህያብ ቅዱስ ቁርባን | ጥቅምቲ 19, 2012 |
| (82) ስለ ዓወት እታ ናይ መወዳእታ ቤተ-ክርስትያን | ጥቅምቲ 25, 2012 |
| (83) ምእንቲ ምፍኳስ መቕጸዕቱ | ሕዳር 1, 2012 |

(84) ንነፍሲ እቶም ኣብ ሳዕሲ ዘለዉ መራሕቲ ዓለም ግለጸሎም ሕዳር 9, 2012

(85) ንሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ካብ መታለሊ ኣድሕና ሕዳር 17, 2012

(86) ካብ ናይ ጥርጥር ስቓይ ኣናግፈኒ ሕዳር 27, 2012

(87) ሃገርና ካብ ክፋእ ኣናግፍ ሕዳር 30, 2012

(88) ነፍሳት ድሕሪ'ዚ መጠንቐቕታ ታሕሳስ 3, 2012

(89) ነቶም ዘደንግጹ ሓጥኣን ታሕሳስ 15, 2012

(90) ምስጋና ነቲ ክብሪ ዝመልኦ ዳግማይ ምጽኣትካ ታሕሳስ 22, 2012

(91) ኣብ'ቲ ግዜ ምስጓግ'ሲ ኣብ እምነተይ ኣጽናዓኒ ጥሪ 4, 2013

(92) ስለ ጸጋ ጽንዓት ጥሪ 6, 2013

(93) ስለ ንብዓት ምቕባል ጎይታ ጥሪ 11, 2013

(94) ንኣእምሮ፣ ኣካልን፣ መንፈስን ምፍዋስ ጥሪ 15, 2013

(95) ንጸሎት ዝኸውን ግዜ ክትረክብ ዝኸውን ሓገዝ ጥሪ 23, 2013

(96) ስለ ዑቕባን ቡራኬን ጉጅለ ጸሎት ገድሊ ጥሪ 25, 2013

(97) ስለ ምሕባር ጉጅለታት ጸሎት ገድሊ ለካቲት 05, 2013

(98) ስለ መራሕቲ ዓለም ብጸጋ ኣምላኽ ምጉልባብ ለካቲት 06, 2013

99) ስለ ድሕነት ኣውስትራልያን ኒው ዚላንድን ለካቲት 10, 2013

100) ክርስትያናውነት መታን ክነብር ለካቲት 13, 2013

101) ህላወ የሱስ ክስማዓካ ዝግበር ናይ ትኣምር ጸሎት

102) ዓለም ኣብ መልእኽቲ ኣምላኽ እምነት ክተሕድርን ክትኣምነሉን ንምግባር መጋቢት 21, 2013

103) ጽዋዕ ስቅያት ክርስቶስ ንምክፋል መጋቢት 22, 2013

ጸሎተ-ምህለላ

1) *ዑቕባ ካብ ሓሳዊ መሲሕ* ነሓሰ 19, 2012
2) ስለ ጺጋ *ከውሊ (ዘይተተንካፍነት)* ነሓሰ 24, 2012
3) ስለ ቃል ኣምላኽ ተኸላኸል ጥቅምቲ 11, 2012
4) ብኣብ እግዚኣብሄር ንዝወርድ መቕጻዕቲ ንኽቃለል ጥሪ 12, 2013
5) ንድሕነት እቶም ኣብ ዘይምሕር ሓጢኣት ዘለዉ ለካቲት 11, 2013

# መምርሒ ንጉጅለታት ጸሎት ካብ የሱስ

ማይ ጸሎትን መስቀለይን ኣብ ጥቓኦም ቀሪቦም፣ መታን ጉጅለ ጸሎቶም ክትባረኽን ክትዕቀብን ነዚ ፍሉይ ናይ ገድሊ ጸሎት ይድገሙ።

ነዚ ጸሎት`ዚ ኣብ መኽፈትን መዕጸውን ነፍሲ-ወከፍ መደብ ጸሎት **ጉጅለ ጸሎት የሱስ-ንወድሰብ** ይድገሙ።

## መሳለዪ ጸሎት ገድሊ (96)

### "ስለ ቡራኬን ዑቕባን ጉጅለ ጸሎት ገድልና"

"ኦ ኸቡር የሱሰይ፣ ኣብ`ዚ *ብጹእ ተልእኾ* ምድሓን ነፍስታት ካብ ዘሳቕዩና መጥቃዕቲ እቲ ክፉእ ዲያብሎስን ካልኦት ርጉማት መናፍስቲ መታን ክንከወልሲ፣ በጃኻ ንጉጅለ ጸሎት ገድልኻ ባርኽናን ኣማዕቁበናን።

ነቲ ቅዱስ ስምካ ኣብ ቅድሚ ኩላ ዓለም ክንሕሉ ኣብ ንጽመመሉን፣ እቲ ሓቂ ቅዱስ ቃልካ ክነባጽሕ ኣብ ዘለና ገድሊ ከይነንሳሕብን፣ እሙናትን ጽኑዓትን ንኹን። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሊ (1)
## “ህያበይ ንየሱስ፣ ምድሓን ነፍስታት”

“ኣንታ ኣብዚሕካ እተፍቅረና ክቡር የሱሰይ፣ ነተን ክቡራት ነፍሳትካ ንምድሓን በቲ ትሑት ዓቕመይ መታን ክሕግዝ ፍቐደለይ።

ክሳብ ክንደይ ኣምሪሮም ኣቐይሞምኻ ብዘይገድስ፣ ኣብ ኩሎም ሓጥኣን ምሕረትካ ኣውርድ።

ነተን ነዚ ***መጠንቐቕታ*** ዘይሓልፍኦ ነፍሲታት፣ ኣብ ንግስትነትካ ኣብ ጎንኻ ቦታ ክርከበለን ብጸሎትን ስቓይን ክሕግዘን ፍቐደለይ። ነተን እትናፍቐን ነፍሲታትካ ክትከስበን መታን ክሕግዘካስ፣ ንጸሎተይ ስማዕ፣ ኦ ምዑዝ የሱስ።

ኦ ቅዱስ ልቢ የሱስ፣ ነቲ ኣዝዩ ዝተቐደሰ ድሌትካ ናይ ተኣማንነት ቃለይ እኣቱ ኣለኹ፣ ኩል ግዜ። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሊ (2)
## “ጸሎት ንኣህጉራውያን መራሕቲ”

“ዘልኣለማዊ ኣቦይ፣ ብኣህጉራውያን መራሕቲ ኣንጻር ንጹሃት ህዝብታት ካብ ዝዋደድ ዘሎ ሃድን፣ ንደቅኻ ከተማዕቁብ ብስም ፍቑር ወድኻ የሱስ ክርስቶስ እምሕጸነካ ኣለኹ።

ብትሑትን ጥዑስን ልቢ መታን ናባኻ ክምለሳ፣ ስለ ሕድገት ሓጥያት ናይተን ምንጪ እዚ ክፍኣት ዝኾና ነፍሲታት እጽሊ።
ሓጥያት እዛ ዓለም ብቓንዛኦም ብመንገዲ ጎይታና የሱስ መታን ክስረይ፣ ነቶም ዝተሳቐዩ ደቅኻ ተጻዋርነት ለግሰሎም። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሊ (3)
## “ንዓለም ካብ ፍርሓት ኣናግፋ”

“ ኦ ጎይታይ የሱስ ክርስቶስ፣ እተ ነፍሲታት ካብ ፈቃር ልብኻ ዝፈሊ ፍርሒ ካብ ዓለም ክተጠፍእ እምሕጸነካ ኣለኹ።

ኣብ`ዚ እዋን ***መጠንቀቕታ*** ሓቀኛ ፍርሒ ዝስምዔን ነፍሲታት ደው ኢለን ምሕረትካ ኣብ ነፍሴን ክውሕዝ ብምፍቃድ፣ መታን ብናጽነት ከም`ቲ ከፍቅራኻ ዘለወን መታን ከፍቅራኻ እጽሊ። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሊ (4)
## “ስድራቤታት ኣኻኽብ”

“የሱስ፣ ዘልኣለማዊ ድሕነት መታን ክረኽባ'ሲ፣ ኣብ'ዚ እዋን ***መጠንቀቕታ*** ንኹለን ስድራቤታት ኣኻኽብ።

መታን እታ ሓዳስ ገነት ኣብ ምድሪ ክወርሳስ፣ ኩለን ስድራቤታት ብሕብረት፣ ምሳኻ ምስ የሱስ ሰሚረን ክጸንሓ እጽሊ። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሊ (5)
## “ምገስ ንልዕሊ ኹሉ ኣምላኽ”

*እዛ ዓለይ፣ ንብምልኢታ ዓለም ብዝሀባ ዘሎ ምሕረት፣ ዓለም ነዚ ፍሉይ ናይ ምገስን ምስጋናን ጸሎት ንኣምላኽ ኣቦ ትወፊ።*

“ኦ ዘልኣለማዊ ኣቦ፣ ስለ ኩልና ደቂ-ኣዳም ኢልካ ብዝወፈኻዮ ህያብ ምሕረትካ፣ ሕጉስ ናይ ምስጋና ጸሎትና ንውፍየልካ ኣለና።

እንዳተፈሳህና፣ ንዓኻ ንኣዚኻ ዝኸበርካ ንጉስ፣ ምገስን ኣምልኾን ንፈቃርን ሕያዋይን ምሕረትካ ንውፍየልካ ኣለና።

ንስኻ፣ ልዕሊ ኩሉ ዝኾንካ እግዚእብሄር፣ ንጉስና ኢኻ’ሞ፣ ነዚ ሕጂ ናባና እተብሎ ህያብካ ኣብ እግርኻ ወዲቕና ንኣገልግሎትካ ንምብርከኽ። ኣምላኬ፣ በጃኻ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ደቅኻ ምሕረት ግበር። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሊ (6)
## “ንጸረ-ክርስቶስ ንምዕጋት ዝግበር ጸሎት”

“ኦ የሱስ፣ ጸረ-ክርስቶስ ክፉኣት ሰራዊቱን ኣብ ልዕሊ ደቅኻ ራዕዲን መከራን ከየውርዱ ብምሕረቱ ክዓግት ናብ እግዚኣብሄር እጽሊ።

ጸረ-የሱስ ደው ክብለልናን፣ ኣብ’ዚ ናይ ***መጠንቀቕታ*** እዋን ብዝኣምኑ (ብዝቕየሩ) ሰባት፣ እታ ናይ መቕጻዕቲ ኢድ ክትተርፈልና ንጽሊ። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሊ (7)
## “ነቶም ምሕረት ዝነጽጉ ዝግበር ጸሎት”

*እዚ ጸሎት’ዚ ነቶም ኣብ ደልሃመት ዘለዉ ነፍሳት ምሕረት ክረኽቡ ክልምኑሎም ክጽልይዎ ዝግባእ ኢዩ።*

“የሱስ፣ ነቶም ሓጥኣን፣ ሰብ ደልሃመት ነፍሲ፣ ንብርሃን ምሕረትካ እንተተሓሲሞም ይቕረ ክትብለሎም እምሕጸነካ ኣለኹ።

የሱስ፣ እልምነልካ ኣለኹ፣ ካብ’ቲ ከላቐቕዎ ዘሸግሮም ዓዘቕቲ ሓጥያቶም መታን ክድሕኑስ፣ በደሎም ሕደገሎም።

ንልብታቶም ብጸዳል ምሕረትካ ምላእ፣ ናብ ደምበኻ ክምለሱ ዕድል ክህልዎም ፍቐደሎም። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሊ (8)
## “እቲ ንስሓ”

*እዚ ጸሎት’ዚ ኣብ **እዋን መጠንቀቕታን** ድሕሪኡን ስለሕድገት ሓጥያት ምሕረት ንምልማን ክጸለ ይግባእ።*

“ ክቡር የሱስ፣ ንኹሉ ሓጢኣተይን ኣብ ልዕሊ ካልኦት ዝበደልኩዎን ዝዓገብኩዎን ይቕረ በለለይ።

ደጊመ ከየቐይመካ ጸጋኻ ክወርደለይን ብመሰረት ልዑል ቅዱስ ፍቓድካ ንስሓይ ከቕርብ ብትሕትና እጽሊ።

ኣብ መጻኢ ንዝእብሶን ዝኾነ ንዓኻ ዘሳቕን ዘቖንዙን በደላት ክሕደገለይ እልምን።

መታን ንዘልኣልም ኣባል ስድራኻ ክኸዉን'ሲ ናብ'ቲ ሓድሽ መዋእል ሰላም ምሳኻ ውሰደኒ።

ኤፍቅረካ'የ፣ የሱስ። እደልየካ'የ። ንዓኻን ንስኻ እትውክሎ ንዘበለ ኩሉን ኤኽብሮ ኢየ።

ናብ መንግስትኻ ክኣቱ መታን ክበቅዕ፣ ርድኣኒ የሱስ። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሊ (9)
## “ንስቓይ ከም ህያብ ምውፋይ”

“ ኦ ብዓል ልዕሊ ኩሉ ቅድስቲ ልቢ የሱስ፣ ቃልካ ብትሑት ምስጋና ክእውጅ እንከለኹ ንዘጋጥመኒ ዘለፋ ከመይ ከም ዝቕበሎ መሃረኒ።

ውርደት፣ ቃንዛን ስቓይን ከመይ ኢሎም ናብ ቅድስቲ ልብኻ ከም ዘቕርቡኒ መሃረኒ።

ነፍሲ.ታት ከድሕን፣ ከም ክቡራት ህያባት ንዓኻ ከቕርበልካስ፣ ንከምዚኦም ዝኣመሰሉ ፈተናታት ብፍቕርን ብመንፈሳዊ ልግሲን ክቕበሎም ፍቐደለይ። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሊ (10)
## “ሃልሃልታ ፍቕርኻ ምጸር”

“ብስምካ ብዘይ ፍርሒ ተላዒልና ሃልሃልታ ፍቕርኻ ኣብ ህዝብታት ከነባጽሕ፣ ርድኣና፣ ክቡር የሱስ።

ኣብ ሞንጎ እቶም ንምሕረትካ ብሓቂ ዘይኣምንሉ ኣብ ንመላለሰሉ ንዝገጥመና ወጽዓ ክንጻወር ንዓና ንደቅኻ ብርትዔ ሃበና። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሊ (11)
## “ኣብ ልዕሊ ሰብ-ራእይ ንዝወርድ ጽልኢ ዕገት”

“ ኦ ብዓል ቅድስቲ ልቢ የሱስ፣ ሰዓብትኻ ኣብ ልዕሊ ሰብ-ራእይ እዚ ዘመን ንዘርእይዎ ዘለዉ ጽልኢን ቅንኢን በጃኻ ዕገቶ።

ሰብ-ራኢኻ፣ ነቲ ልዕሊ ኩሉ ዝኾነ ቅዱስ ቃልካ ነዛ ዘይትኣምን ዓለም ክእውጁ ብርትዔ ክትህቦም ጸሎተይ ክትሰምዓኒ እጽሊ። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሊ (12)

## “ጸሎት ሓጢኣት ትብዒት ንምውጋድ”

“ኦ የሱሰይ፣ ብስምካ ክዛረብ ከለኹ ንሓጢኣት ትብዒት ከወግድ ሓግዘኒ።

ቅዱስ ስምካ ተጠቒመ ንዝኾነ ሰብ እንተነኣኢሰ ይቕረ ግበረለይ።

ድምጽኻ ክዝረብ እንከሎ ብጽሞና ክሰምዕ ሓግዘኒ፣ የሱስ፣  ንደቅ-ሰብ ክትጽውዖም እንከለኻ ሓቀኝነት ቃልካ መታን መምየ ክፈልጥ'ሲ ብቕዱስ መንፈስካ ድማ ምልኣኒ። ኣሜን።

### ጸሎት ገድሊ (13)
## “ከውሊ ንምርካብ ዝግበር ጸሎት”

*እዞም ደቀይ፣ ኣብ ከንዲ ፍቑር ወደይ የሱስ ክርስቶስ ኮንኩም ንድሕነት ኣሕዋትኩምን ኣሓትኩምን ንስመይ ትጸውዑ ኩሉኹም፣ ኩሎም ከውሊ ከምዝረኽቡስ ልባዊ መብጽዓይ ኢዩ። ምእንቲ ነፍሲታትቶም ክትጸልዩ **ንሓደ ወርሒ** ዝኣክል መብጽዓ ንዝኣተኹም ነፍሲ-ወከፍኩም ድማ ፍሉይ ጸጋ ክዕደለኩም ኢዩ።*

**“ኦ ሰማያዊ ኣቦ፣ ስለ ፍቕሪ እቲ ብስቅያት መስቀሉ ካብ ሓጢኣት ዝደሓንና ፍቑር ወድኻ የሱስ ክርስቶስ ክትብል ነዞም ክሳብ ሕጂ ናይ ምሕረት ኢዱ ንነጽግ ኣድሕነና።**

**ክቡር ኣቦ፣ ንነፍሲታቶም ብውሕጅ ምልከት ፍቕርካ ምላእ።**

**እምሕጸነካ ኣለኹ፣ ሰማያዊ ኣቦ፣ ጸሎተይ ስማዕ፣ ነዘን ነፍሲታት ካብ ዘልኣለማዊ ኩነኔ ኣድሕን።**

**ብመንገዲ ምሕረትካ ንሓድሽ መዋእል ሰላም ኣብ ምድሪ፣ ቀዳሞት ኮይኖም ክኣትዉ ፍቐደሎም። ኣሜን።”**

### ጸሎት ገድሊ (14)
## “ካብ ንዩክለራዊ ውግእ ንምዕቃብ፣ ጸሎት ናብ እግዚኣብሄር ኣቦ”

“ኦ ኩሉ ዝከኣሎ ኣቦ፣ እግዚኣብሄር ልዕሊ ኩሉ፣ በጃኻ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ሓጥኣን ምሕረት ግበር። ድሕነትን ምልኣተ-ጸጋን ክቕበሉ ንልብታቶም ኣርሑ።

ንገዛእ ስድራይ ዝገብሮ ዘለኹ ልመና ስምዓለይ እሞ፣ ነፍሲ-ወከፎም ኣብ'ታ ፈቃር ልብኻ ተቐባልነት ክረኽቡስ ኣውሕሰለይ።

ኦ መለኮታዊ ሰማያዊ ኣቦ፣ ኣብ ምድሪ ዘለዉ ደቅኻ ካብ ንዩክለራዊ ውግእ ኮነ ካልእ ንዕኦም ንምጥፋእ ዝተወጠኑ ተግባራት ኣማዕቁቦም።

ካብ ኩሉ ጉድኣት ሓልወናን ኣማዕቁበናን። ኣብ ነፍሲና ዝኾነ ፍርሒ ከይኣተወ ንሓቅነት ድሕነትና ኣዒንትና ከፊትና፣ ክንሰምዕን ክንቕበልን ኣንቅሓና። ኣሜን።”

### ጸሎት ገድሊ (15)

## “ስለ ህያብ መለኮታዊ ምሕረት ነመስግን”

“ኦ መለኮታዊ ኣቦይ፣ ናብ’ዛ ዓለም መድሓኒ ክትሰድድ እንከለኻ ንዝገበርካዮ መስዋእቲ ብጥሉቕ ምስጋና ክብሪ ንህበካ።

ነዚ ሕጂ ንደቕኻ እትህበና ህያብ፣ ህያብ መለኮታዊ ምሕረት፣ ብባህታን ምስጋናን፣ ትሕት ኢልና ሞሳዊ ጸሎት ነቕርበልካ ኣለና።

ኦ ልዑል እግዚኣብሄር፣ ነዚ ዓብዪ ምሕረት ብሞሳ ክንቕበሎ ከም እንበቅዕ ግበረና። ኣሜን።”

### ጸሎት ገድሲ (16)

## “ኣብ እዋን መጠንቀቕታ ንዝዋሃብ ጸጋታት ንምቕባል”

“ኦ የሱሰይ፣ ኣብ’ዚ ዓብዪ ናይ ምሕረት ግዜኻ ዘሎ ፈተና ኣጽንዓኒ። ኣብ ቅድሚ ኣዒንትኻ ንኢሰ ክርኤ ጸጋኻ ዓድለኒ።

ንሓቅነት መብጽዓኻ ንዘልኣለማዊ ድሕነት ኣዒንተይ ክፈት።

ሓጢኣተይ ይቕረ በለለይ፣ ፍቕርኻን ናይ ዕርክነት ኢድካን ኣርእየኒ።

ከም ቀደምና ሓደ መታን ክንከውን’ሲ ናብ ሕቑፊ እታ ቅድስቲ ስድራቤት ጠርንፈኒ።

ኤፍቅረካየ፣ የሱስ፣ ካብ ሎሚ ዕለት ንደሓር ድማ ብዘይ ዝኾነ ፍርሒ ኣብ ልበይን ብንጹህ መንፈስን ንቅዱስ ቃልካ ክእውጅ መብጽዓ ይኹነኒ። ንዘልኣለም ዓለም። ኣሜን።”

### ጸሎት ገድሲ (17)

## “ጸሎት ንኣደ ድሕነት ንደልሃመት ዝወረሶም ነፍሲታት”

“ ኦ ፍጽምቲ ልቢ ማርያም፣ ኣደ ድሕነትን መንጎኛ ኩሎም ጸጋውያንን፣ ኣንቲ ተሳታፊት ምድሓን ደቅ-ሰብ፣ ካብ ክፍኣት ሰይጣን፣ ጸልዩልና።

ኣደ ድሕነት፣ ምእንቲ ኩለን ነፍሲታት ክድሕና፣ እቲ ዳግማይ መጺኡ ንደቅሰብ ከድሕንን ዕድል ዘልኣለማዊ ድሕነት ዝህበና ወድኺ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ንዘርኣዮ ፍቕርን ምሕረትን ክቕበላ ጸልዩልና። ኣሜን።”

### ጸሎት ገድሲ (18)

## “ጸረ-ክርስቶስን ጉጅለኡን ዕገተልና”

“ኦ ክቡር የሱስ፣ ንዓለም ካብ'ቲ ጸረ-ክርስቶስ ኣናግፋ።

ካብ እከይ መፈንጠራ ሰይጣን ኣማዕቁበና።

ነታ ተሪፋ ዘላ መወዳእታ ቤተ-ክርስትያንካ ካብ ርኽሰት ኣድሕና።

ንኩለን ኣብያተ-ክርስትያንካ ካብ'ቲ ብሰይጣንን ኣሸበርቲ ሰራዊቱን ተወጢኑለን ዘሎ ኲናትን ምስጓግን ክንምክቶ ብርትዔን ጺጋታትን ሃበና። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (19)
## “ጸሎት ንመንእሰያት”

“ኣደ ድሕነት፣ ፍቑር ወድኺ ንኩሎም ደቂ-ሰብ ክምሕደጎም ኣብ ዝምለሰሉ መታን ከለልይዎ፣ ስለ ምሕረት ኣብ ድቕድቕ ደልሃመት ዘለዋ ነፍሲታት መንእሰያት ክትጸልዪልና እሓተኪ።

ወላ እንኮ ነፍሲ ብወሰን መንገዲ ክጸድፍ ኣይትፍቀዲ። ወላ እንኮ ነፍሲ ንዓብዪ ምሕረቱ ክነጽግ ኣይተፍቅዲ።

ኣደ፣ እዞም ነፍሳት ኩሎም ክድሕኑን፣ ካብቲ መታለሲ መታን ክዕቆቡን ብቕዱስ ካባኺ ክትጕልብብዮም እጽሊ ኣለኹ። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (20)
## “ጸረ-ክርስቶስ ንዓለም ከየብርሳ ዕገት”

“ኦ እግዚኣብሄር ኣቦ፣ ብስም ኣዝዩ ፍቱው ወድኻ፣ እቲ ጸረ-ክርስቶስ ንነፍሳት ደቅኻ ኣብ መፈንጠራ ከየእትዎም ክትክልክሎ ናባኻ እጽውዕ ኣለኹ።

እልምነካ ኣለኹ፣ ኩሉ ዝከኣሎ ኣቦ፣ ኣብ ደቅኻ ንዘውርዶ ዘሎ ራዕዲ ዕገት።

እልምነካ ኣለኹ፣ ንፍጡራትካ ካብ ምብካል ደው ከተብሎን፣ ነቶም ኣብ ርእሴኡ ሓይሊ ዘይህልዎም መሳኪን ነፍሳት ምሕረት ከተርኢን።

ጸሎተይ ስማዕ፣ ክቡር ኣቦ፣ ንኩሎም ደቅኻ ካብ'ዚ ሓደገኛ እከይ ኣድሕን። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (21)
## “ስለ ድሕነት ወድሰብ፣ ምስጋና ንእግዚኣብሄር ኣቦ”

“ኦ ቅዱስ እግዚኣብሄር፣ ኣታ ኩሉ ዝከኣሎ ፈጣሪ ወድሰብ፣ ንሰብ ስለዘለካ ፍቕሪን ርህራሄን፣ ንውድሰካን ነመስግነካን።

ንመሳኪን ደቅኻ ብዝሃብካዮ ህያብ ድሕነት ነመስግነካ።

ኦ ጎይታ፣ ነቶም ነቲ እከይ ዝሰዕብዎ ከተድሕንን ልብታቶም ንሓቅነት ዘልኣለማዊ ሂወት ክኸፈተሎም ንልምነካ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (22)
## "ካቶሊካውያን ካህናት ንትምህርቲ ቤተ-ክርስትያን ከጽንዑዎ"

*ነዚ ጸሎት ገድሲ ብካቶሊካውያን ካህናት ከድገም ንዓለም እህብ።*

"ኦ የሱስ ፍቑረይ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ካልኢት  መዓልተይ ኣጽንዓኒን ሃልሃልታ ፍቕረይ ንዓኻ ብውሉዑ ኣጽንሓዮን።

እዚ ሃልሃልታ ፍቕረይ ንዓኻ፣ ጭልምልም ከብል ወይ ከመዉት ፈጺምካ ኣይትፍቅድ።

ኣብ ግዜ ፈተና ክዳኽም ፈጺምካ ኣይትፍቅድ።

ንጻውዒተይ፣ ተወፋይነተይ፣ ተኣማንነተይን ከኽብርን ኣስተምህሮ ኦርቶዶክሳዊት ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ከጽንዕን ዘድልዩኒ ጸጋታት ዓድለኒ።

ኣብ ኩሉ ግዜ ተኣማንነተይ ኤረጋግጸልካ። ኣብ ዳግማይ ምጽኣትካ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ብሓበን ዳግማይ ሓፍ ኢላ መታን ክትቅበለካ፣ ምስ ሰራዊትካ ኮይነ ኪጋደል ተወፋይነተይ እመባጽዕ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (23)
## "ጸሎት ንድሕነት ኣቡነ በነዲክት"

"ኦ ዘልኣለማዊ ኣቦ፣ ብስም ፍቑር ወድኻ የሱስ ክርስቶስን ንዓለም ካብ ሓጢኣት ከናግፋ ብዝተጻወሮ ስቅያትን፣ እጽሊ፣ ሕጂ፣ ርእሲ ኣብ ምድሪ ዘላ ቤተ-ክርስትያንካን ወኪልካ ኣብ ምድሪን ሊቀ-ጳጳስ በነዲክት፣ ንደቅኻን ንኩሎም ቅዱሳት ኣገልገልትኻን ካብ ሓለንጊ ሰይጣንን ነቶም ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ዘለዉ ኣብ ዓለም እናዞሩ ነፍሳት ዝሰርቁ ዝወደቑ መላእኽቲን ኣብ ምድሓን መታን ክሕግዙ ሓልዎም።

ኦ ኣቦ፣ መታን ደቅኻ በታ ሓቀኛ መንገዲ ናብ ሓዳስ ገነትካ ኣብ ምድሪ ክምርሑ ንሊቀ-ጳጳስካ ሓሉ። ኣሜን።

## ጸሎት ገድሲ (24)
## "ሙሉእ ስርየት ሓጥያት ንምሕረት"
## (ንዘይካቶሊካውያን)

*ነዚ ጸሎት ንሸውዓተ ተኸታታሊ መዓልታት ይድገሙ እሞ፣ ሙሉእ ምሕረትን ሓይሊ መንፈስ ቅዱስን ክዋሃቦም ኢዩ።*

“ኦ የሱሰይ፣ ንስኻ ብርሃን እዛ ምድሪ ኢኻ። ንስኻ ንኹሉ ነፍሳት እትትንክፍ ሃልሃልታ ኢኻ። ምሕረትካን ፍቕርኻን ደረት-ኣልቦ ኢዩ።

ንዓና ክትብል ኣብ መስቀል ብምሟት ምስዋእካስ ከቶ ኣይግባኣናን፣ እንተኾነ ግዳ ንስኻ ንዓና ዘለካ ፍቕሪ ካብ’ቲ ንሕና ንዓኻ ዘለና ከም ዝዓዝዝ ንፈልጥ።

ኦ ጎይታ፣ መታን ሓዳስ ንግስነትካ ክንወርስ ክንበቅዕ’ሲ ህያብ ትሕትና ዓድለና።

መታን ንቕድሚት እናገስገስና ሰራዊትካ መሪሕና ሓቅነት ቅዱስ ቃልካ ክንእውጅን ነሕዋትናን ነሓትናን ንክብሪ ዳግማይ ምጽኣትካ ናብ ምድሪ ከነዳልዎም’ሲ ብቅዱስ መንፈስ ምልኣና።

ንኽብረካ ኢና። ንውድሰካ ድማ።

መታን ነፍሳት ከተድሕን፣ ንገዛእ ነብስና፣ ጓሂናን ስቅያትናን ንዓኻ ከም ህያብ ነቕርብ።

ነፍቅረካ ኢና፣ የሱስ።

ኣብ ዝሃለዉ ይሃልዉ፣ ንኹሎም ደቅካ ምሕረት ግበር። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (25)

## “ስለውቕባ ሰብ-ራኢ ኣብ መላእ ዓለም”

“ኦ ልዑል እግዚኣብሄር፣ ንኹሎም ቅዱሳን ልኡኻትካ ኣብ ዓለም ከተጽልለሎም እምሕጸነካ ኣለኹ። ካብ ጽልኢ ካልኦት ክትሕልዎም ድማ እጽሊ።
ዝለዓለ ቅዱስ ቃልካ ኣብ መላእ ዓለም ብቕልጡፍ ክዝርጋሕ እሓተካ ኣለኹ። ንልኡኻትካ ድማ ካብ ጸለመ፣ ውርደት፣ ሓሶታትን ኩሉ ዓይነት ሓደጋን ሰውሮም።

መታን እቲ ንዓለም ዘመሓላልፍዎ መልእኽትታቶም ብጥዑስን ትሑትን ልቢ ኣቓልቦ ክረክብሲ፣ ኣብ ኩሉ እዋናት ንስድራቤቶም ብቕዱስ መንፈስ ሽፍኖም። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (26)

## “ሃገርካ ክትድሕን ውዳሴ ማርያም ድገም”

*ኣዴና ማርያም፣ ህዝብታት ስለ ድሕነት ሃገሮም ውዳሴ ማርያም ክደግሙ ተማሕጺና።*

**ቅድሚ ውዳሴ ማርያም ዝጽለ ጸሎት**

“ኦ ንግስቲ እቲ ቅዱስ ውዳሴ፣ ነቶም ሰለስተ ቆልዑ ጓሶት ብዛዕባ ኣብ ውዳሴ-ማርያም ተሓቢኡ ዘሎ ዕቑር ጸጋታት ክትገልጽሎም ኣብ ፋቲማ ወረድኪ።

መታን ኣብ ውሽጡ ተጠቒሱ ብዘሎ *ምስጢረ ድሕነትና* ብዝገብሮ ምስትንታን፣ ብፍሬኡ ክህብትምን፣ ኣብ’ዚ ውዳሴ ካባኺ ዝሓቶ ናይ ዓለም ሰላም፣ ምልዋጥ ሓጥኣንን ሩሲያን፣ ጸጋታትን ክረክብ’ሲ ብንጹህ ፍቕሪ ነዚ ፍሉይ ጸሎት ልበይ ኣለዓዕሊዮ። (ኣብ’ዚ ሕቶኻ ጥቐስ)

ነዚ ልመናይ ንዓብዪ ሓበን እግዚኣብሄር፣ ንኽብሪ ገዛእ ነብሰይ፣ ንሰናይ ነፍሳት ብፍላይ'ኳ ንገዛእ ነፍሰይን ይሓትት። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (27)
## "ጸሎት ንሰላም ዓለም"

"ኦ የሱሰይ፣ ብሕሱም ኲናት ንዝሳቐዩ ዘለዉ ምሕረት እልምነሎም።

ኣብ'ዘን ንሓቅነት ህላወኻ ክርእያ ዘይክእላ ዝሳቐያ ዘለዋ ሃገራት ሰላም ክወርድ እምሕጸን።

በጃኻ እዘን ሃገራት እዚኤን ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ነፍሳት ምድንዳን ደው ከብላስ፣ ብሓይሊ ቅዱስ መንፈስካ ክደነን።

ኣንጻር እቲ ንዓለም ጎቢእዋ ዘሎ እኩይ ግፍዕታት ክቃለሳ ዓቕሚ ንዘይብለን ኩለን ሃገራትካ ምሕረት ኣውርድ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (28)
## "ድንግል ማርያም፣ ጸሎት ንሕብረት ኩለን ኣብያተ-ክርስትያን"

"ኦ ልዑል እግዚኣብሄር፣ ኣብ ምድሪ ዘለዋ ኣብያተ-ክርስትያንካ መታን ክዕቀባ'ሲ ኣብ ቅድሜኻ ተምበርኪኽና ስለ ሕብረት ደቅኻ ንልምነካ ኣለና።

ኣብ'ዚ ዓቢ ዘመን ኣካሒዳ-እምነት፣ ፍልልይና ከመቓቕለና ኣይትፍቀድ።

ንዓኻ ብዘለና ፍቕሪ፣ ኦ ክቡር ኣቦ፣ ንሓድሕድና ክንፋቐር ጸጋታትካ ከትዕድለና ብስም ፍቑር ወድኻ መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ ንምሕጸነካ ኣለና።

ንምልኸካ ኢና። ነፍቅረካ ኢና። ኣብ ምድሪ ንዘለዋ ኣብያተ-ክርስትያንካ ክንዕቅብ ኣብ'ዘን ዝመጻ ዓመታት ንዝገጥመና ፈተናታት ብርትዔ ክንረክብ ብሓባር ክንቃለስ ኢና። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (29)
## "ክርስትያናዊ ተግባር ሓሉ"

"ኦ ጎይታይ የሱስ ክርስቶስ፣ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ደቕካ ቅዱስ መንፈስካ ክተፍስስ እምሕጸነካ ኣለኹ። ኣብ ነፍሲታቶም ጽልኢ ንዓኻ ንዘለዎም ክትሓድገሎም እልምን ኣለኹ።

ኣብ'ዚ እዋን ዓብዪ ምሕረትካ ንህላወኻ ዝኽሕዱ ዘይኣመንቲ ተሪር ልብታቶም ክኸፍቱ ፣ ከምኡ ድማ እቶም ብኽብሪ ዘዕብዩኻ ዘፍቅሩኻ ደቅኻ ልዕሊ ኩሉ ሃድን በዲሆም ክወጹ እጽሊ።

መታን ደቅኻ ብትብዓት ተላዒሎም ንሰራዊትካ ናብ'ቲ ናይ መወዳእታ ጥምጥም ምስ ሰይጣን፣ ልኡኻቱን ኩሎም ግዙኣት ናይ ሓሶት መብጽዕኡን ክመርሑ፣ ብህያብ መንፈስካ ምልኣዮም። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (30)

## "እግዚኣብሄር ኣቦ፣ ኲናት፣ ጥሜትን ሃይማኖታዊ ምስጓግን ንኽእለ ዝግበር ጸሎት"

"ኦ ዘልኣለማዊ ኣቦ፣ ፈጣሪ ኩሉ ኣድማስ፣ ብስም ክቡር ወድኻ፣ ዝያዳ ከነፍቅረካ ክትገብር እልምን ኣለኹ።

ኣብ ግዜ ጸበባ ምዑታት፣ ፍርሒ-ኣልቦን ጽኑዓትን ክንከውን ሓግዘና። ኣብ ምድሪ ዘለዉ ደቅኻ መታን ክድሕኑ፣ ንመስዋእትና፣ ስቅያትናን ፈተናናን ኣብ ቅድሚ ዙፋንካ ከም ህያብ ተቐበለና።

ልቢ እቶም ዘይጽሩያት ነፍሲታት ኣለስልስ። ከም መለኮታዊ ፍቓድካ ኣብ ምድሪ ኣብ ዝፈጠርካልና ገነት ምሳና መታን ምሳና ክኣትዉስ፣ ዓይንታቶም ንሓቅነት ፍቕርካ ኣንቁሓዮ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (31)

## "ጸሎት ሰንሰለት ሓለዋ"

" ኦ የሱሰይ፣  እቶም ብህርፋን፣ ብስስዔ፣ ብብቂን ብትዕቢትን ዝመርሑ፣ ንደቅኻ ምህዳን ደው ከብሉዎ በዚ ጸሎተይ መንፈስ ቅዱስካ ከወርደሎም እምህለል።

ድኽነት፣ ጥሜትን፣ ኲናትን ንደቕካ ከይውሕጡዎም ደው ክተብሎም እሓተካ፣ ከምኡ ድማ መራሕቲ ኤውሮጳ ልብታቶም ንሓቅነት ፍቕርካ ክኽፍቱ እጽሊ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (32)

## "ኣብ ኣየርላንድ ምንጻል-ጥንሲ ደው ንኽብል"

"ኦ ኣደ ድሕነት፣ እቲ እከይ ተግባር ምንጻል-ጥንሲ ኣብ ልዕሌና ከይስግደድ ኣብ ኣየርላንድ ንዘለዉ ደቅኺ ጸልዩሎም።

 ሃገርና ጎልቢቡዋ ካብ ዘሎ ደልሃመት ናብ ዝኽፍኤ ዓዘቕቲ ቅብጸት ከይትጥሕል'ሲ፣ ነዛ ቅድስቲ ሃገር ሓልውያ።

ደቅኺ ቅድሚ ምውላዶም ከብርሶም ንዝደሊ ነቲ እከይ ወግድልና።

መታን ትምህርቲ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ክስዕቡዎስ፣ እቶም መራሕቲ ንኣፍቀርቲ ወድኺ ክሰምዕዎም ትብዓት ክህልዎም ጸልዩ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (33)

## "ንማሕተመይ ኣፍልጦ ምሃብን፣ ብፍቕሪ፣ ባህታን ምስጋናን ምቕባሉ"

*እግዚኣብሄ ኣቦ፣ ኣብ'ተን እንነብረን ዝመጻ ከፉኣት መዓልታት መታን ነፍሲ ወከፍናን ስድራቤትናን ሓለዋ ክንረክብ፣ ኩላትና ነዚ ማሕተሙ ክንቅበል ይሓትት።*

**“ኦ ኣምላኼ፣ ፈቃር ኣቦይ፣ ንመለኮታዊ ማሕተም ሓለዋኻ ብፍቕርን ምስጋናን እቕበሎ ኣለኹ።**

**መለኮታውነትካስ ንኣካለይን ነብሰይን ንዘልኣለም ከቢቡ ይነብር።**

**ፍቑር ኣቦይ፣ ብትሑት ምስጋና ፍግም ኢለ ጥሉቕ ፍቕረይን ተኣማንነተይን ንዓኻ እውፊ።**

**ንዓይን ንፍቑራተይን በዚ ፍሉይ ማሕተም ክትሕልወና እናለመንኩ ሂወተይ ንዘንትእለት ኣገልግሎትካ እውፍየልካ።**

**ኤፍቅረካየ፣ ክቡር ኣቦ።**

**ኣብ’ዘን እዋናት ኤጸናናዓካ፣ ክቡር ኣቦ።**

**ናይ’ቲ ኣዕዚዝካ ትፈትዎ ወድኻ ስጋ፣ ደሙ፣ ነፍሱን፣ መለኮታውነቱን ንካሕሳ ሓጢኣት እዛ ዓለምን ንድሕነት ኩሎም ደቅካን እውፍየልካ ኣለኹ። ኣሜን።”**

## ጸሎት ገድሲ (34)
## “ጾመ-ኣርብዓ ምጿም”

“ኦ የሱሰይ፣ ነቲ ወድሰብ ንምድሓን ብሂወትካ ዝገበርካዮ መስዋእቲ፣ በታ ዘላትኒ ንእሽቶ ዓቕሚ ክስዕቦ ሓግዘኒ።

መታን በሪ ገነት ኣብ ምድሪ ክኣትዉዋ፣ ጾመ-ኣርብዓ ክሳብ ዝውዳእ፣ ኣብ ሰሙን ሓደ መዓልቲ እንዳጾምኩ፣ ንድሕነት ኩሎም ደቅሰብ ናይ ጾም ህያብ ክቕርበልካ ፍቓደለይ።

ልበይ ብባህታን ፍቕርን መሊኡ፣ መስዋእተይ ኤቕርበልካ፣ ክቡር የሱስ።

በዚ መስዋእቲ መታን ዓቐን ፍቕረይ ከርእየካስ፣ ካብ ጺጋኣ ንዝወደቐት ነፍሲ-ወከፍ ነፍሲ ከተድሕን እልምነካ ኣለኹ። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (35)

## “ነፍሳት ናብ ገነት መታን ክኣትዋ ዝግበር ጸሎት”

“ኦ የሱሰይ፣ ኣብ ዓለም ተሪፎምኻ ንዘለዉ ደቅኻ ከተድሕኖም ክሕግዘካስ ሓግዘኒ። ብምሕረትካ ንነፍሳት ካብ መንፈስ ደልሃመት ከትድሕኖም ፍቓድካ ክኸውን እጽሊ።

ኣብ’ዛ መዋእለይ እዚኣ ንዝሓልፎ ፈተናታት፣ ስቅያትን፣ ጓሂታትን’ሲ ነፍሳት ካብ ገሃነመ-እሳት ክድሕንሉ ተቐበሎ ኢኻ።

መታን ኩላትና ከም ሓደ ብፍቕሪ ስለ ቅድስት ስላሴ ንሓብርን ምሳኻ ከም ሓንቲ ቅድስቲ ስድራቤት ኣብ ገነት ንነብርን፣ ብፍቕርን ባህታን ልበይ ተመሊኤ ነዞም ስቅያት ክውፍየልካ ብጸጋ ምልኣኒ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (36)

## "ነቶም ንእንኮ ሓቀኛ እግዚኣብሄር ከምልኹ ሓገዝ ዘድልዮም"

"የሱስ፣ ጠፊኤን ተደናጊረን ኣለኹ'ሞ ሓግዘኒ። ድሕሪ ሞት ሂወት ኣሎ ኢለ ኣይፈልጥን ኢየ።

ሓቀኛ ንዘይኮኑ ናይ ሓሶት ኣምላኻት ብምምላኽ እንተ'ቐዪመካ ይቕረ በለለይ።

እቲ ሓቂ ነጺሩ ክርኣየንስ ኣድሕነኒን ሓግዘኒን፣ ካብ ናይ ነፍሰይ ደልሃመት ገላግለኒ።

ናብ ብርሃን ምሕረትካ ከመጽእ ሓግዘኒ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (37)

## "ሓድነት ደቂ ኣምላኽ"

"ኦ ክቡር የሱስ፣ መታን ሓቅነት መብጽዓኻ ንዘልኣለማዊ ድሕነት ኣብ መላእ ዓለም ከነባጽሕ'ሲ ንኹሎም ፍቱዋት ሰዓብትኻ ብፍቕሪ ኣሕብረና።

እቶም ኣእምሮኦምን፣ ኣካሎምን ነፍሶምን ንዓኻ ንኽይቅርቡ ሓዲግ-መዲግ ዝኾኑ ነፍሳት፣ ናይ ትዕቢት ድርዖም ቀንጢጦም ልብታቶም ንፍቕርኻ ኣርሕዮም ኣባላት ቅዱስ ስድራኻ ኣብ ምድሪ መታን ክኾኑ ንጽሊ።

ንኹሎም እዞም ዝጠፍኡ ነፍሳት ሓንጎፉይ በል፣ ክቡር የሱስ፣ ከምኡ'ውን ከም ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን መጠን እቲ ፍቕሪ ናትና ካብ ጸምጸም በረኻ ኣውጺኡ ምሳና ናብ ሑቕፊ፣ ፍቕርን ብርሃንን ቅድስት ስላሴ ሓፍ ከብሎም ፍቐድ።

ንኹሉ ተስፋታትና፣ እምነትናን ፍቕርናን ኣብ ቅዱስ ኣእዳውካ ነንብር ኣለና።

መታን ዝያዳ ነፍሳት ከነድሕን ክንሕግዝ'ሲ ንተወፋይነትና ከተዕቢ ንልምነካ ኣለና። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (38)

## "ጸሎት ንምድሓን ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን"

“ኦ ብርኽቲ ኣደ ድሕነት፣ ኣብ’ዘን ጽንኩራት እዋናት ንካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ጸልዩ፣ ከምኡ’ውን ንፍቱው ሊቀ-ጳጳሳት ኣቡነ በነዲክት መበል 16 ስቅያቶም ክቃለል ጸልዩሎም።

ንልምነኪ፣ ኣደ ድሕነት፣ ኣብ ዝገጥሞም ፈተናታት ጸጋታት ብርትዔ፣ ተኣማንነትን ትብዓትን መታን ክወርደሎም’ሲ ንቅዱሳን ኣገልገልቲ እግዚኣብሄር ብቅዱስ ካባኺ ጎልብብዮም።

ብመሰረት ሓቀኛ ኣስተምህሮ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን መታን ንምእመናኖም  ክኣስዩስ ጸልዩሎም።

ኦ ቅድስቲ ኣደ ኣምላኽ፣ መታን ንነፍሳት ናብ ንግስነት ወድኺ ክንመርሕ ክንሕግዝ’ሲ፣ ነዛ ኣብ ምድሪ ተሪፋ ዘላ ቤተ-ክርስትያንኪ ህያብ ክእለት መሪሕነት ዓድልና።

ኣደ ድሕነት፣ መታን በሪታት እታ ሓዳስ ገነት ኣብ ምድሪ ክኣትዉዋ ክበቕዑስ፣ ሰዓብቲ ወድኺ ኣብ’ቲ ንነፍሳቶም ከድሕኑ ሃለው ዝብልሉ ነቲ መታለሊ ካብኣቶም ከተርሕቒ ንሓተኪ። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (39)

## “ነፍሳት ነታ ሓዳስ ገነት ክኣትዉዋ ክዳለዉ ምሕጋዝ”

“ኦ የሱስ፣ ፍቑር መድሓኒየይ፣ ንኹሎም ደቂ ኣምላኽ ንዳግማይ ምጽኣትካ ከዳሉ ነቲ ኣዝዩ ቅዱስ ቃልካ ብሙሉእ ስልጣን መታን ክዛረቡስ፣ ብቕዱስ መንፈስካ ክትጉልብበኒ እሓተካ።

ጎይታ የሱስ፣ ንኩሎም እምነታት፣ ሃይማኖታትን፣ ብሄራትን ንምብጻሕ ኣብ ዝኸዶ ኩሉ ዘድልየኒ ጸጋታት ክትዕድለኒ እምሕጸነካ ኣለኹ።

ብልሳንካ ክዛረብ፣ ንመሳኪን ነፍሳት ብከናፍርካ ከህድኤን፣ ከምኡ’ውን ካብ’ቲ ቅዱስ ልብኻ ብዝፍልፍል ፍሉይ መለኮታዊ ፍቕሪ ንኹለን ነፍሳት ከፍቅር ሓግዘኒ።

ናብ ልብኻ ቀረባ ዝኾና ነፍሳት ኣብ ምድሓን ሓግዘኒ፣ ከምኡ ድማ ጥፉኣት ነፍሳት ንምሕረትካ ምንጻግ ክቕጽልኦ ከለዋ ኬጸናናዓካ ፍቐደለይ፣ ክቡር የሱስ።

የሱስ፣ ኣነ ብዘይ ብኣኻ ትርጉም የብለዪን፣ ብሊጋስ ሓገዝካ ግዳ፣ ንድሕነት ኩሉ ወድሰብ ንምሕጋዝ ብስምካ ክቃለስ ኢየ። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (40)

## “ነፍሳት ንዳግማይ ምጽኣቱ ኣብ ምድላው ብካህናት ዝድገም ጸሎት”

“ኦ የሱሰይ፣ ኣነ’ሲ ሓደ ትሑት ኣገልጋሊኻ ጥራይ ኢየ’ሞ፣ ንሓበን ዝመልኦ ዳግማይ ምጽኣትካ ነፍሳት መታን ከዳሉስ ባዕልካ ምርሓኒ።

*ኣብ መስቀል ሞይትካ ንኩሉ ወድሰብ ብዝኣተኻዮ መብጽዓ መሰረት፣ ናብ'ታ ሓዳስ ገነት ኣብ ምድሪ ክኣትዋ ክበቕዓስ፣ ከም ቅዱስ ፍቓድካ ነፍሳት ንኽኣምናን ከዳልወንን ሓግዘኒ።*

*ቃልካ ንጽሙኣት ነፍሳት መታን ከማቕል፣ ከምኡ'ውን ብቅዱስ ማሕላ ብዝኣተኹዎ መብጽዓይ ካብ'ቲ ንዓኻ ንክቡር የሱስ ዘለኒ ግቡኤይ መታን ፈልከት ከይብል'ሲ እቲ ዘድልየኒ ጸጋታት ዓድለኒ። ኣሜን።"*

## ጸሎት ገድሲ (41)

## "ንነፍሳት ዘይኣመንቲ"

"ኦ የሱሰይ፣ ንመብጽዓ ምድሓንካ ዓይኒ ንዘይብሎም መሳኪን ደቅኻ ርድኣዮም።

ዘይኣመንቲ ነቲ ለዋህ ፍቕርኻ ክርእዩን ናብ ቅዱስ ኣእዳውካ ንዑቕባ ክንዩስ ብሓገዝ ጸሎተይን ስቅያተይን ንኣዒንቶም ክትከፍት እምሕጸነካ ኣለኹ።

ድሕነት ረኺቦም ንበሪ እታ ሓዳስ ገነት ቀዳሞት ኮይኖም መታን ክኣትዉዋስ፣ ነቲ ሓቂ ክርእዩን ንኹሉ ሓጢኣቶም ስርየት ክሓቱሉ ሓግዞም።

ንነፍሳት እዞም መሳኪን፣ እንክላይ ሰብኡት፣ ኣንስቲን፣ ቆልዑን እጽልይን በደላቶም ክትድምስሰሎም እጽውዓካን ኣለኹ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (42)

## "ሓደ ናይ ዓለም ባጤራ ከይህሉ ዝግበር ናይ ጾም ጸሎት"

"ኦ ልዑል እግዚኣብሄር፣ ንሃገረይ ንምጥማያ፣ እንክላይ *ብእንጌራ ሂወት* ከጥምዩዋ ዝውጠን ዘሎ መደባት ግበታ እከያት መታን ክትዓግት፣ እነሆ ናይ ጾም ህያበይ እውፍየልካ።

በቲ ብጸረ-ክርስቶስ ዝጥንሰስ ዘሎ መደባት ካልኡት ህዝብታት ከይሳቐዩ ወፈያይ ተቐበል፣ ጥርዓነይ ስማዕ።

መታን ንዘልኣለም ዓለም ብናጽነትን ፍቕሪን ከነምልኸካን ከነኽብረካን'ሲ፣ ካብ'ዚ እከይ ኣድሕነናን ንእምነትና ሓልዋን፣ ክቡር ጎይታ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (43)

## "ኣብ እዋን መጠንቀቕታ ነፍሳት ኣድሕን"

"ኦ ኩሉ ዝከኣሎ ኣቦ፣ ኣብ ከንዲ ፍቐር ወድኻ፣ የሱስ ክርስቶስን፣ ከም መዘከርታ ስቕለተ-ሞቱ ስለ ምድሓን ካብ ሓጢኣትና፣ ኣብ'ዚ እዋን *መጠንቀቕታ* ንነፍስታቶም ከድሕኑ ዘይክእሉን ብዘይምሕር ሓጢኣት ክሞቱ ንዝኽእሉን ከተድሕን እልምነካ ኣለኹ።

ከም ካሕሳ ስቃያት ፍቑር ወድኻ፣ ነቶም ካብ ወድኻ የሱስ ድሕነት ቅድሚ ምሕታቶም ሞት እትቕድሞም፣ መታን ካብ ሓጢኣቶም ሓራ ምኳን ይቕረ ክትብለሎም እጽውዓካ ኣለኹ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (44)

## "ካብ'ቲ ሓሳዊ መሲሕ ንእምነተይ ምሕላው"

"ክቡር የሱስ፣ ኣብ ኣስተምህሮታትካ ከተኩርን ኣብ ኩሉ ግዜያት ቅዱስ ቃልካ ክግህድን ጽንዓት ሃበኒ።

ነቲ ንዓኻ መሲሉ ዝቐርብ ሓሳዊ መሲሕ ከምልኽ ክፍተን ፈጺምካ ኣይተፍቅድ።

ንዓካ ብዘለኒ ፍቕሪ ኣጽንዓኒ።

ንሓቀኛ ቃልካ ሕቕይ ንኽህብ ክሳዕ ክንደይ ሓሶታት የቕርቡለይ ብዘይገድስ፣ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ሓቅታት ከይጠልም'ሲ ጸጋታት ምምማይ ዓድለኒ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (45)

## "ኣሉታዊ ሓሳባት ንክትስዕሮም ምጽላይ"

"ኦ የሱስ፣ ብዛዕባኻ ሒደት ኢየ ዝፈልጥ፣ እንተኾነ ግዳ መታን ክትፍውሰኒ፣ ከተደዓዕሰኒን ብሰላምካ ክትመልኣኒን ልበይ ከፊተ ናብ ነፍሰይ ክትኣቱ ክፈቅድ በጃኻ ሓግዘኒ።

መታን ንዘልኣለም ዓለም ኣብ'ታ ሓዳስ ገነትካ፣ ሂወት ፍቕሪ፣ ተድላን መስተንክርን ምሳኻ ክመርሕ'ሲ፣ ሓጎስ ክስማዓኒ፣ ኩሎም ኣሉታዊ ሓሳባት ክስዕሮም፣ ከምኡ'ውን እታ ንዓኻ ከመይ ኢለ ከም ዘሔጉስ ተድልየኒ ምርዳእ ክማሃራ ሓግዘኒ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (46)

## "ካብ መቑሕ ሰይጣን ነጻ ኣውጽኣኒ"

" ኦ የሱስ፣ ጠፊኤ ኣለኹ። ተደናጊረን ከም ብኽወጻ ዘይክእል መርበብ ዝተታሕዘ እሱር ኮይነ ይስማዓኒ ኣሎ።

እኣምነካ ኢየ፣ የሱስ፣ ካብ መቑሕ ሰይጣንን ልኡኻቱን ነጻ ከተውጻኣኒ ንረድኤተይ ከምትመጽእ።

ጠፊኤ ኣለኹ'ሞ ርድኣኒ።

ካብ'ዚ እከይ ድሒነ ብርሃንካ ክርኣየኒ - መታን ኣብ መወዳእትኡ ሰላም፣ ፍቕርን ሓጎስን ክረክብ - ብኣኻ ክኣምንን ኣባኻ ክእመን ክጸንዕን ፍቕርኻ የድልየኒ ኣሎ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (47)

## "ንየሱስ ዘለካ ፍቕሪ መሊስካ ወልዕ"

"ኦ ብርኽቲ ኣደ፣ ኣደ ድሕነት ኩሉ ዓለም፣ ንየሱስ ዘለኒ ፍቕሪ መሊሱ መታን ክውላዕ ጸልዩለይ።

ሃልሃልታ ፍቕሩ መታን ንነፍሰይ ክመልኣ ክስማዓን'ሲ ሓግዝኒ።

ንየሱስ ዝያዳ መታን ከፍቅሮ ሓግዝኒ። እምነተይ፣ ፍቕረይን ተወፋይነትን ንዕኡ መታን ክብርትዕ ጸልዩለይ።

ንዝኾነ ዘሳቕየኒ ጥርጣሬታተይ ኣህድእዮ እሞ፣ ካብ'ቲ መድሓኒ ኩሉ ወድሰብ ዝኾነ ወድኺ ዘንጸባርቕ መለኮታዊ ብርሃን ሓቂ ክርኢ ሓግዝኒ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (48)

### "ንምእዋጅ ዳግማይ ምምላስ ክርስቶስ ዝኸዉን ጸጋ ክትረክብ ምጽላይ"

"ኦ የሱሰይ፣ መታን ነፍሳት ክድሕና'ሲ፣ ንኹሉ ወድሰብ ዘበለ ቅዱስ ቃልካ ንምግሃድ ዘድሊ ጸጋ ዓድለኒ።

መታን ቅዱስ ቃልካ ክስማዕን ቅቡል ክኸውንን፣ ብፍላይ'ኳ በቶም ምሕረትካ ኣዝዩ ዘድልዮም ነፍሳት፣ ንዓይ ንትሑት ኣገልጋሊኻ ቅዱስ መንፈስካ ኣፍስሰለይ።

ኣብ ኩሉ ግዜያት ቅዱስ ፍቓድካ ከኽብርን፣ ነቶም ኢደ-ምሕረትካ ዝነጽጉ ዘበሉ ከይዝልፍ ወይ ከይኹንን ሓግዝኒ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (49)

## "መብጽዓ ተኣማንነት ብካህናት"

"ኦ የሱስ፣ ኣነ ትሑት ኣገልጋሊኻ ኢየ፣ ፍቕረይን ተኣማንነተይን ኤረጋግጸልካ ኣለኹ።

ምልክት ጸውዒትካ ከተርኤኒ እልምነካ ኣለኹ።

ዓይነይ ከፈተ ናይ መብጻዓኻ ምስክር ክኸዉን ሓግዘኒ።

እቶም ብስምካ መጺእና እናበሉ ክንሶም ነታ ሓቂ ዘይዛረቡ ከየታልሉኒስ ብጸጋ መንፈስ ቅዱስ ባርኸኒ።

እታ ሓቂ ኣርእየኒ።

ነቲ ኣዝዩ እተቐደሰ ፍቓድካ መታን ክመልእ፣ ፍቕርኻ ክሰማዓኒ ፍቐደለይ።

ነፍሳት ደቅሰብ ኣብ ምድሓን መታን ክሕግዘካ'ሲ፣ በየናይ መንገዲ ክሕግዘካ ከም ዝኽእል ከተርእየኒ ብትሑት ልቢ እሓተካ ኣለኹ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (50)

## "የሱስ፣ መን ምኧንካ ክፈልጠካስ ሓግዘኒ"

"ኦ ክቡር የሱስ፣ መን ምኧንካ ክፈልጠካስ ሓግዘኒ።

ቅድሚ ሕጂ ምሳኻ ብዘይ ምዝርራበይ ይቕረ ግበረለይ። ኣብ'ዛ ሂወት'ዚኣ ሰላም ክረክብን ናይ'ታ ዘልኣለማዊት ሂወት ሓቅነት ክርኣየኒ ድማ ሓግዘኒ።

ንልበይ ኣደዓዕስ። ንጭንቅታተይ ኣቃልል። ሰላም ሃበኒ።

መታን ንነፍሰይ ብፍቕርኻ ክትመልእ'ሲ ሕጂ ንልበይ ክፈት። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (51)

## "ስለ ህያብ መንፈስ ቅዱስ"

"ኦ ቅዱስ መንፈስ ንዓ፣ ኣብ ልዕሊ እዛ ትሕትቲ ነፍሰይ ናይ ፍቕሪ፣ ጥበብን ፍልጠትን ህያባትካ ኣፍስስ።

ሓቂ እግዚኣብሄር ካብ'ቲ ብሰይጣንን ልኡኻቱን ዝዝርጋሕ ሓሶታት መምየ መታን ክፈሊ ብብርሃን እቲ ሓቂ ምልኣኒ።

ነታ ሽግ ዓቲረ ነቶም ብመንገዲ ክርስቶስ ጎይታ ዝረኽቦም ዘበሉ ኩሎም ነታ ሃልሃልታ ምስትውዓል ከሕልፍ ሓግዘኒ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (52)

## “ጸሎት ናብ ኣቦ”

“ዝኸበርካ ኣቦየ፣ ብስም ክቡር ውላድካን ንዝኸሪ ስቅያተ-መስቀሉን ናባኻ እጽውዕ ኣለኹ።

ንስኻ፣ ልዑል እግዚኣብሄር፣ ፈጣሪ ዓለምን ኩሉ ዝኾነ ዘበለ፣ ንድሕነትና ኣብ ኣእዳውካ ሓዝ።

ንዘይፈልጡኻ ኮነ ነቶም እንዳፈለጡኻ ገጾም ዝጠውዩ ኩሎም ደቅኻ ጠርንፍ።

ንሓጢኣትና ሕደገልናን ካብ ምስጓግ ሰይጣንን ሰራዊቱን ኣድሕነና።

ናብ ሕቑፎኻ ኣእትወና'ሞ ነታ መንገዲ ሓቂ መታን ክንፈልጣ ብዘድልየና ተስፋ ምልኣና። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (53)

## “ጸሎት ስለ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን”

“ኦ እግዚኣብሄር ኣቦ፣ ብስም ፍቑር ወድኻ እልምነካ ኣለኹ፣ ኣቕሽሽቲ ንዝገጥሞም ምስጓግ መታን ክጻወርዎ ዘድልዮም ጽንዓትን ጺጋታትን ዓድሎም።

ኣብ ሓቅነት ኣስተምህሮታት ወድኻ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ክለግቡ፣ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ህላወ ቅዱስ-ቁርባን ፈጺሞም ፈልከት ከይብሉ፣ ከይዳኸሙን፣ ንዝንዛሕ ዘይሓቅታት ከይምብርከኹ ሓግዞም። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (54)

## “ጽልዋ ૩ይ ውግእ ዓለም ንምፍኳስ፣ ጸሎት ናብ ኣቦ”

“ኦ ሰማያዊ ኣቦ፣ ብስም እቲ ንሓጢኣት ወድሰብ ብብዙሕ ዝተሰቐየ ፍቑር ወድኻ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ኣብ'ዘን ዝገጥማና ናይ ጭንቂ ግዜያት ርድኣና።

ብስሱዓት መራሕቲን ካብ'ቶም ንኣብያተ-ክርስትያንካን ደቅኻን ክድምስሱ ዝደልዩ ተወጢኑ ካብ ዘሎ ምስጓግን ክንተርፍ ሓግዘና።

ንምሕጸነካ ኣለና፣ ክቡር ኣቦ፣ ንስድራቤታትና ክንምግብ ክትሕግዘናን፣ ሂወት እቶም ብዘይ ፍቓዶም ተገዲዶም ናብ'ቲ ኲናት ዝኣትዉ ከተድሕንን።

ነፍቅረካ ኢና፣ ክቡር ኣቦ። ኣብ ግዜ ጸበባና ክትረድኣና ንልምነካ ኣለና። ካብ ዕትሪ እቲ ጸረ-ክርስቶስ ኣድሕነና። ነቲ ምልክቱ፣ ምልክት እቲ ኣራዊት፣ ከይተቐበልና ነቲ ግዜ ክንሰግሮ ሓግዘና።

እቶም ነፍቅረካ፣ መታን ብስጋን መንፈስን ነቲ ግዜ ክንሰግሮ ጸጋኻ ክትዕድለና'ሲ፣ ወትሩ ንቅዱስ ቃልካ ተኣመንቲ ኴንና ክንጸንሕ ሓግዘና። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (55)

### "ነቲ መጠንቐቕታ ምድላው"

"ኦ ክቡር የሱሰይ፣ ንህያብ እቲ ዓብዪ ምሕረትካ ልብታት ኩሎም ደቂ ኣምላኽ ኣርሕዎ።

ነቲ መለኮታዊ ምሕረትካ ብፍቕርን ምስጋናን ክቕበሉዎ ሓግዞም።

ኣካል ናይ'ቲ ዘደንቕ መንግስትኻ መታን ክኾኑስ፣ ኣብ ቅድሜኻ ትሑታት ኮይኖም ንስርየት ሓጢኣታቶም ክልምኑ ኣኽእሎም። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (56)

### "ነቶም ንቕዱስ ቁርባን ሓለዋ ዝደልዩሉ ኣቕሽሽቲ"

"ኦ ክቡር ኣቦ፣ ብስም እቲ ስለ ኩሉ ወድሰብ ነብሱ ኣብ መስቀል ዝወፈየ ኣዝዩ ክቡር ወድኻ፣ ነቲ ሓቂ ብቕንዕና ክስዕቦ ሓግዘኒ።

ክሳብ መወዳእታ ስራሕ ክህነተይ፣ በቲ ክቡር ደሙ ንወድኻ ሸፍነኒ እሞ፣ብእምነት፣ ተኣሚነን፣ ብኽብሪን ከገልግለካ ጸጋኻ ዓድለኒ።

ካብ'ቲ ሓቀኛ ትርጉም ቅዳሴ፣ ወይ'ውን ካብ ምቕራብ ቅዱስ ቁርባን ንደቅኻ ፈጺምካ ክስሕት ኣይተፍቅድ።

ንዓኻ ንምውካልን፣ ንመጓሰኻ በቲ ክምገቡዎ ዝግባእ ኣገባብ፣ ብስጋ፣ ደም፣ ነፍሲን መለኮታውነትን ወድኻ የሱስ ክርስቶስ፣ መድሓኒ ኩሉ ዓለም፣ ንኽምግቦም ብርትዔ ሃበኒ። ኣሜን። "

## ጸሎት ገድሲ (57)

### "ጸሎተ-ካህናት: የሱስ፣ ጸውዒትካ ኣስማዓኒ"

"ኦ ክቡር የሱሰይ፣ ኣእዛነይ ንድምጺ ደሃይካ ክፈተን። ልበይ ንፈቃር ጸውዒትካ ክፈት። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ መታን ከለልየካ'ሲ ንነፍሰይ ብቅዱስ መንፈስካ ምላእ።

ካባይ ንትሓቶ ዘበለ ኹሉ ትሕት ኢለ ቃለይ እኣትወልካ ኣለኹ። መታን ነፍሳት ኩሉ ሰብ ከተድሕን ክሕግዘካስ፣ ነቲ ሓቂ ፈልየ ክፈልጥ፣ ክላዓል፣ ክምልስን፣ ንደሃይካ ክስዕቦን ሓግዘኒ።

ፍቓድካ ንዓይ ትእዛዘይ ኢዩ። መታን እቲ ንቤተ-ክርስትያንካ ናብ ሓዳስ ንግስነትካ ክመርሕ ዘድሊ ድርዒ ክልዕል'ሲ፣ ንስኻ ሓባሪየይ ክትከውን ከፍቅድ ትብዓት ሃበኒ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሊ (58)

### "ጸሎተ-ገድሊ ሰባት ብየሱስ ክኣምኑ ምግባር"

"ኦ ክቡር የሱስ፣ ንኹሎም ደቂ ኣምላኽ ክትሓቁፍን ብኽቡር ደምካ ክትጉልብብን እጽውዓካ ኣለኹ።

ነፍሲ-ወከፍ ንጣብ ደምካ ንነፍሲ-ወከፍ ነፍሲ ኣልቢሳ፣ ካብ'ቲ እከይ ትኸውሎም።

ንልብታት ኩላቶም ኣርሑ፣ ብፍላይ'ኳ እቶም መንፈሶም ዝዓጸቐን፣ እቶም ዝፈልጡኻ ኮይኑ ግዳ ብሓጢኣት ትዕቢት ዝደገሉ፣ ወዲቐም ንብርሃን ፍቕርኻ ኣብ ነፍሶም ክውሕዝ ክልምኑኻ ግበር።

ኣዒንቶም ነቲ ሓቂ ክርእዩ ክፈት፣ መታን ወጋሕታ መለኮታዊ ምሕረትካ ኣብ ልዕሊኦም ክዘንብን ብጸዳል ምሕረትካ ክጉልበቡን።

ብመንገዲ እቲ ካባኻ ዝሓቶ ጸጋታት፣ ኩሎም ነፍሲታት ብኣኻ ክኣምና ግበር፣ ሕጂ፣ የሱሰይ (ውልቃዊ ሓሳብካ ኣብ'ዚ ኣእቱ)

ምሕረት ከትወርድ እልምነካ፣ ከምኡ'ውን ከም ህያብ፣ ኣብ ሰሙን ሓንቲ መዓልቲ (ነዛ ወርሒ ሰነ) ብምጿም ንኹሉ ሓጢኣታት መኽሓሲ እውፍየልካ ኣለኹ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሊ (59)

### "ነቲ መለኮታዊ ፍቓድ ተኣማንነት ምርግጋጽ"

*ኣዚ'ኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ከም'ቲ ዘልኣለማዊ ኣቦይ እቲ ዝዓበየ ዝኾነ ህያቡ **እቲ ማሕተሙ** ንደቅሰብ ዘውረሶ፣ ከምኡ ድማ፣ ደቁ ተኣማንነቶም ንመለኮታዊ ፍቓዱ ኬረጋግጹ ኣለዎም።*

*ምስ ሰራዊቱ ኮይኖም ንቕድሚት ንምድሓን ነፍሳት ደቂ ኣምላኽ፣ እንከላይ ነቶም ዝተረሩ ሓጥኣን፣ ዝግስግሱ ኩሎም ደቂ ኣምላኽ ነዚ መብጽዓ ክኣትዉ እሓቶም ኣለኹ።*

**"ኦ ልዑል እግዚኣብሄር፣ ኦ ሰማያዊ ኣቦ፣ ምስ መለኮታዊ ፍቓድካ ኣብ ምድሪ ሕብረት ንዘለዎም ነገራት ኩሎም ከኽብርን ክእዘዞካን ተኣማንነተይ ኤረጋግጽ።**

**መታን ኩላትና ከም ሓደ ኣብ'ታ እትመጽእ ሰማያዊት ንግስነትካ ክንሓብር፣ መታን ፍቓድካ ከምቲ ኣብ ሰማያት ኣብ ምድሪ'ውን ክኸውን፣ ንኣእምሮይ፣ ኣካላይን ነፍሰይን፣ ኣብ ክንዲ ኩሎም ነፍሳት፣ ብመንገዲ ቅዱስ ደም እቲ እንኮ ፍቑር ወድኻ፣ እቲ ሓቀኛ መሲሕ እውፍየልካ ኣለኹ። ኣሜን።"**

## ጸሎት ገድሊ (60)

## “ኣብ እዋን እቲ መጠንቀቕታ፣ ስድራቤታት ክኸስትና ዝልመን ጸሎት”

*ደቂ ኣምላኽ፣ መዓልታዊ ነቲ መጠንቀቕታ ተዳለዉ፣ ኣብ ዝኾነ ግዜ ክኸዉን ስለዝኽእል።*

“ኦ ክቡር ምዑዝ የሱስ፣ ንነፍሳት ስድራቤተይ ምሕረት እልምን ኣለኹ፣ (ኣብ’ዚ ኣስማቶም ጥቐስ)። ስቕያተይ፣ ፈተናታተይን ጸሎታተይን ስለ ድሕነት ነፍሳቶም ካብ መንፈስ ደልሃመት እውፈ ኣለኹ።

ሓደ እኳ ካብ’ዞም ደቅኻ ንኢድ ምሕረትካ ክይውግዝ ወይ ክይነጽግ’ሲ ኣይትፍቀድ።

ካብ ገሃነመ-እሳት ክድሕኑ ዘድሊ ዘበለ ሕድገት መታን ክደልዩ’ሲ፣ ልብታቶም ምስ’ቲ ቅዱስ ልብኻ ክጠናነግ ክፈተሎም።

ብሓገዝ ጸዳል መለኮታዊ ምሕረትካ መታን ኣባኻ ክኣምኑ፣ መኤረምታ ክገብሩ ዕድል ሃቦም። ኣሜን።”

### ጸሎት ገድሊ (61)

## “ዓለም ኣብ ቁጽጽር ሓደ ሓይሊ ከይትወድቕ እለያ”

“ኦ ክቡር ሰማያዊ ኣቦ፣ ስለ ዝኽሪ ስቕለት ፍቑር ወድኻ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ በቲ ጸረ-ክርስቶስን ጭፍርኡን ዝውጠን ዘሎ ስቕለት ንምድምሳስ ደቅኻ ክተዕቁበና እልምነካ ኣለኹ።

ንምልክት ናይ’ቲ ኣራዊት ክንነጽግ ጸጋታት ሃበና፣ ከምኡ’ውን በቶም ሰዓብቲ መንገዲ ሰይጣን ዝኾኑ ኣብ ዓለም ዝዝርጋሕ ክፋእ ክንቃለሶ ዘድልየና ሓገዝ ዓድለና።
ክቡር ኣቦ፣ ኣብ’ዘን መረርቲ እዋናት ንኹልና ደቅኻ ከተዕቁበናን፣ ደው ኢልና ኣብ ዝኾነ ግዜያት ቅዱስ ቃልካ ክነግህድ ከተበርትዓናን ንምሕጸነካ ኣለና። ኣሜን።”

### ጸሎት ገድሊ (62)

## “ንዝጠፍኡን ረዳኢ ዘይብሎምን ሓጥኣን”

“ኦ የሱስ፣ ንዓይ ንጥፉእ፣ ኣብ ደልሃመት ዘለኹ፣ ረዳኢ ዘይብለይ ሓጥእ ርድኣኒ።

ኣነ ድኹምን ንዓኻ ከናዲ ትብዓት ዘይብለይን ኢየ።

ካብ’ቲ ኣብ ውሽጢ ነፍሰይ ዘሎ ደልሃመት ክላቐቕ’ሲ ሕጂ እቲ ብርትዔ ሃበኒ።

ናብ ብርሃንካ ኣምጻኣኒ፣ ክቡር የሱስ። ይቕረ ግበረለይ።

ከም ብሓድሽ ሙሉእ ክኸውን ሓግዘኒ፣ ከምኡ’ውን ናብ ፍቕርኻ፣ ሰላምካን፣ ዘልኣለማዊ ሂወትን ምርሓኒ።

ሙሉእ ብሙሉእ ብኣኻ እእመን ኢየ፣ ንመለኮታዊ ምሕረትካ ስዩም ክብል ከለኹ ድማ ብኣእምሮ፣ ኣካልን፣ ነፍሲን ክትቅበለኒ እሓተካ ኣለኹ። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (63)

## “ኣብ’ዚ ጉዕዞ እዚ ዓቅብኒ”

“ኦ ፍቕርቲ ኣደ ድሕነተይ፣ ኣብ’ዚ ጉዕዞ ምድሓን ነፍሳት ደቂ ኣምላኽ መታን ክጸንሕ’ሲ መግቢ ሂወት ክዋሃበኒ ክትጽልዩለይ እሓተኪ።

ነፍሲ-ወከፍ ደቂ ኣምላኽ መታን ክድሕኑን ናብ ዘልኣለማዊ ሂወት ክመጹን፣ ነቶም ብናይ ሓሶት ጣኦታትን ኣምላኻትን ዝታለሉ ዘለዉ ኩሎም፣ ንሓቅነት ሞት ወድኺ ኣብ መስቀል ኣዒንቶም ክፈቲ። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (64)
## “ኣሕዋተይን ኣሓተይን ኣድሕን”

“ኦ ክቡር መድሓኒየይ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ኣሕዋተይን ኣሓተይን ካብ ዘለዉዎ ማሕዩር ደልሃመት መታን ክድሕኑ ክሕግዝ’ሲ ህያብ ጸሎተይን መስዋእተይን ተቐበል።

ነፍሳቶም ክድሕና ክሕግዝ ፍቐደለይ።

ስለ ሓጢኣቶም ይቕረ ክትብለሎም እልምነካ ኣለኹ፣ ከምኡ’ውን፣ መታን ቅድሚ ንዘልኣለም ምጥፍኦም፣ ከም ብዕቱብ እተድልዮም ጸግዒ ናብ ሕቝፎኻ ክጎዩ’ሲ ንነፍሳቶም ብዋሕዚ ቅዱስ መንፈስ ክትመልእ እሓተካ ኣለኹ።
ኣብ ክንዲ’ዞም ነፍሳት፣ ህያብ ስዩም ምባለይ፣ ብትሑት ኣገልጋልነትን ምስጋናን ኤቕርበልካ ኣለኹ። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (65)
## “ነቶም ኣብ ክቱር ሓጢኣት ዘለዉ”

“ኦ ክቡር የሱስ፣ መድሓኒ ኩሉ ዓለም፣ ብመንገዲ መለኮታዊ ምሕረትካ፣ ንኹሎም እቶም ኣብ ሓጢኣት ዘለዉ ኣብ’ቲ እዋን መጠንቀቕታ ካብ’ዚ ዓለም ዝውሰዱ መሳኪን ነፍሳት ምሕረት እልምነሎም ኣለኹ።

ንሓጢኣቶም ይቕረ በለሎም፣ ከም መዘከርታ ስቅያተ-መስቀልካ ድማ፣ ሕድገት በደሎም ከም ፍሉይ ጉንያ ክትምጥወኒ እልምነካ ኣለኹ።

ኣእምሮይ፣ ኣካለይን ነፍሰይን ከም መነስሒ መድሓን ነፍሳቶምን ናብ ዘልኣለማዊ ሂወት መምጽኢኦምን እውፍየልካ ኣለኹ። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (66)

## “ንካህናት: ነቲ ኣዚዩ ቅዱስ ቃልካ ተኣማኒ ክጸንሕ ሓግዘኒ”

"ኦ ክቡር የሱስ፣ ኣብ ኩሉ ግዜያት ነቲ ኣዝዩ ቅዱስ ቃልካ ሓቀኛ ኮይነ ክጸንሕ ሓግዘኒ።

ኣብ ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ጸበባ ንሓቅነት ቤት-ክርስትያንካ ኣጽኒዔ ክሕዝ ብርትዔ ሃበኒ።

ከምቲ ንስኻ ዝመሃርካዮ ኣግባብ ጌረ ንምስጢራተ-ቤተ ክርስትያንኪ ከማሓድር'ሲ ብጸጋ ምልኣኒ። ዋላ'ውን ተኸልኪለ እንከለኹ፣ ንቤተ-ክርስትያንካ ብሕብስቲ ሂወት ከምግባን፣ ንዓኻ እሙን ኮይነ ክነብርን ሓግዘኒ።

ነቲ ሓቀኛ ቃል እግዚኣብሄር ንኽግህድ፣ ካብ'ቲ ክገጥመኒ ዝኽእል መቑሕ ምትላል ሓራ ግበረኒ።

መታን ንዓኻ ንፍቑር መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ ንዝኣተናዮ ቃል ተባዓት፣ እሙናትን ጽኑዓትን ኮይንና ክንጸንሕ'ሲ፣ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ንኹሎም ቅዱሳት ኣገልገልትኻ ብኽቡር ደምካ ሸፍኖም። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (67)

## "ንደቀይ ካብ'ቲ ንጉስ ሓሶታት ሓልዎም"

"በጃኻ ክቡር የሱስ፣ ንደቀይ ካብ'ቲ ንጉስ ሓሶታት ክትሕልወለይ እሓተካ ኣለኹ።

ካብ ኩሉ ሃስያ ዘበለ መታን ክሕለዉለይ፣ ነዞም ደቂ (*ኣስማቶም ኣብ'ዚ ጥቐስ*) ናብ ቅዱስ ልብኻ እውፊን፣ ብመንገዲ ካባ ክቡር ደምካ፣ ንነፍሳቶም ብብርሃን መሊእካ ናብ ፈቃር ሕቑፍኻ ክትዓቑቦም እሓተካ ኣለኹ።

ኣብ'ቲ *ሕልና ዝበርሃሉ* ግዜ፣ መታን ካብ ኩሉ ዓመጻ ዝበሃል ክነጽሁ'ሲ ልብታቶም ከፊትካ ብዋሕዚ ቅዱስ መንፈስካ ምላእ ኢኻ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (68)

## "ካብ ጽልዋ ሰይጣን ሰውርኒ"

"ኦ ኣደ ኣምላኽ፣ ኣደ ድሕነት፣ በቲ ኣዝዩ ዝተቐደሰ ካባኺ ጎልብብኒ'ሞ ንስድራቤተይ ካብ ጽልዋ ሰይጣንን እቶም ዝወደቑ ልኡኻቱን ተኸላኸልለይ።

ብመለኮታዊ ምሕረት ፍቑር ውሉድኪ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ወትሩ ክእመን ሓግዝኒ።

ንዕኡ ዘለኒ ፍቕሪ ኣርግእለይ፣ ክንዲ ዝኾነ ብዝሓም ፈተናታት ገጢሞምኒ ብዘየገድስ ካብ ሓቅታት ኣስተምህሮታቱ ክህውትት ኣይትፍቀዱ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (69)

## "መለኮታዊ ፍቓዱ ንምቕባል ናብ እግዚኣብሄር ኣቦ ዝግበር ጸሎት"

“ኩሉ ዝከኣሎ ኣቦ፣ መለኮታዊ ፍቓድካ እቕበል ኣለኹ።

ደቕኻ ክቕበልዎ ሓግዞም።

ሰይጣን ንደቅኻ ካብ መሰል ውርሲ ኣቦኦም ከይክልክሎም ደው ኣብሎ።

ኣብ ገነት ንዘለና ውርሲ ኣብ እንገብሮ ቃልሲ ኢድና ክንህብ ኣይትፍቀድ።

ንሰይጣንን ውዱቓት ልኡኻቱን ክንሰጉግ ምሕጽንታና ስምዓና።

እሓተካ ኣለኹ፣ ክቡር ኣቦ፣ ብምሕረትካ ንዓለም ኣንጽህ፣ ከምኡ ድማ ብቕዱስ መንፈስካ ጎልብበና።

ነቲ ኣራዊት ንዘልኣለም ክሰጉግ ሓይሊ ዝመልአ፣ ኣዝዩ ዝተቐደሰ ሰራዊትካ ክነቕውም ምርሓና። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (70)

## “ንቅዱስ ቃል ኣምላኽ ሓቀኛን ጽኑዓትን ኮይኖም ክጸንሑ ብካህናት ዝግበር ጸሎት”

“ኦ ክቡር የሱስ፣ ኣብ ውሽጢ ቤተ-ክርስትያንካ ምፍንጫል ኣብ ዝገሃደሉ ንሕና ውፉያት ኣገልገልትኻ ክነለልዮ ሓግዘና።

ውፉያት ኣገልገልትኻ ንቕዱስ ቃልካ ጽኑዓትን ሓቀኛታትን ኮይኖም ክጸንሑ ሓግዝ።

ዓለማዊ ትምኒታት ንዓኻ ንዘለዎም ንጹህ ፍቕሪ ከጸልምቶ ኣይትፍቀድ።

ኣብ ቅድሜኻ ንጹሃትን ትሑታትን ኮይኖም ክነብሩን፣ ኣብ ቅዱስ-ቁርባን ንዘሎ ዝላዓለ ቅዱስ ህላወኻ ከኽብሩ ጸጋታት ዓድሎም።

ንኹሎም እቶም ንዓኻ ዘለዎም ፍቕሪ ዝዘሓለ ውፉያት ኣገልግልትኻ ሓግዞምን ምርሓዮምን፣ ከምኡ’ውን ኣብ ነፍሳቶም ዘሎ ሓዊ ቅዱስ መንፈስ መሊስካ ወልዕ።

ኣቓልቦኦም ክሰርቕ ኣብ ቅድሚኦም ዝገጥሞም መስሓቲ ነገር መታን ከለልዩዎ ሓግዞም። መታን ወትሩ ነቲ ሓቂ ክርእዩስ ኣዒንቶም ከፈት።

ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ባርኾም፣ ክቡር የሱስ፣ ከምኡ’ውን ካብ ዝኾነ ሓደጋ ብኽቡር ደምካ ሸፍኖም።

ሰይጣን ከየስሕቶም ጽንዓት ሃቦም፣ ምናልባት ሓጢኣት የለን ብዝብል መወናወኒ ሓሳባት ኣቓልቦኦም ከይጥወ። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (71)

## “ካብ’ቲ ምስጓግ መታን ከድሕነና ዝግበር ጸሎት”

“ኦ የሱስ፣ ንደቂ ኣምላኽ ካብ’ቲ ጸረ-ክርስቶስ ኣድሕኖም።

ንምድሪ ክቆጻጸራ ካብ ዘሎ ውጥናት ሓልወና።

ጎይታ፣ ካብ ምስጓግ ኣድሕነና።

ኣብ ቅድሚ ዓይንኻ መታን ድሕነት ክረኽቡ’ሲ ነቶም ሰብ ደልሃመት ነፍሳት ካብ ጸረ-ክርስቶስ ኣዕቁቦም።

ኣብ ድኻምና ሓግዘና።

ኣብ መሳርዕ ሰራዊትና ኳንና ናብ በሪታት ገነት ኣብ ንግስግሰሉ፣ ተላዒልና ንሓድሕድና ክንመራራሕ ብመንፈስ ኣጽንዓና።

እደልዩካ ኢየ፣ ክቡር የሱስ።

ኤፍቅረካየ፣ ክቡር የሱስ።

ንህላወኻ ኣብ ምድሪ ይውድስ።

ንደልሃመት እነጽግ።

ኤምልኸካ ኢየ፣ መታን ሓቅነት ህላወኻ ክትገልጸለይን ኩልግዜ ብምሕረትካ ክኣምንን’ሲ ብኣካልን መንፈስን ስዩም ኢለ ኣለኹ። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (72)

## “ጸሎት ወደ-መዝሙር”

“ክቡር የሱስ፣ ቅዱስ ቃልካ ከባጽሕ ድሉው ኢየ።

መታን ብዝተኻእለ መጠን ብዙሓት ነፍሳት ናባኻ ክመጹ’ሲ፣ ነቲ ሓቅኻ ክካፍል እቲ ትብዓት፣ ጽንዓትን ፍልጠትን ሃበኒ።

ናብ ቅድስቲ ልብኻ ወሲድካ ብክቡር ደምካ ጎልበብኒ፣ መታን ብጸጋታት ተመሊኤ ንኩሉም ደቂ ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ክፋል ዓለም፣ እምነቶም ብዘየገድስ፣ ንክርስቶስ ክቕበሉ ከባጽሕ።

ወትሩ ብኣኻ እእመን ኢየ። ፍቑር ወደ-መዝሙርካ። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (73)

## “ንነፍሳት ንኣሽቱ፣ ንኣሽቱ ህጻናት”

“ኦ የሱስ፣ ኣብ ሙሉእ ዓለም ናይ ዘለዉ መንእሰያት ነፍሳት ከድሕን ሓግዘኒ።

ብጸጋኻ፣ ሓቅነት ህላወኻ ክርእዩ ሓግዞም።

ናብ ቅድስቲ ልብኻ ኣምጽኣዮም እሞ ኣዒንቶም ንፍቕርኻን ምሕረትካን ክፈተሎም።

ካብ ገሃነመ-እሳት ሰውሮም፣ ብመንገዲ ጸሎተይ ንነፍሳቶም መሓር። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሊ (74)

## “ስለ ህያብ ቅኑዕን ጌጋን ምፍላይ”

“ኦ ኣደ ኣምላኽ፣ ንነፍሰይ ንህያብ እቲ ቅዱስ መንፈስ ከዳሉ ሓግዝኒ።

ከም ህጻን ብኢደይ ሒዝኪ፣ ብመንገዲ ሓይሊ እቲ ቅዱስ መንፈስ፣ ኣብ’ቲ ናብ ህያብ ቅኑዕን ጌጋን ምፍላይ ዝወስድ ጎደና ምርሕኒ።

ልበይ ኣርሕዊ’ሞ ብስጋ፣ ኣእምሮን ነፍስን ስዩም ክብል ምሃርኒ።

መታን ነፍሰይ ነጺሃ ሙሉእነት ክረክብ፣ መታን ህያብ እቲ ቅዱስ መንፈስ ክረክብ’ሲ፣ ሕሉፍ ሓጢኣተይ ክሕደገለይን ካብ ሓጢኣት ትብዒት ሓራ ክኸዉንን ጸልዩለይ።

ኤመስገንኪ ኣለኹ፣ ኣደ ድሕነት፣ ስለይ ምምላድኪ፣ ነዚ ህያብ ድማ ልበይ ብፍቕሪ ተመሊኡ ብሕጉስ ናፍቖት እጽቤዮ ኣለኹ። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሊ (75)

## “ቃንዛይ ናባኻ ኤሕልፎ ኣለኹ፣ ክቡር የሱስ”

“የሱስ፣ ቃንዛይን ስቅያተይን ናብ’ቲ ኣብ ቀራንዮ ዝሓለፍካዮ ስቓይ ናብኡ ኤሕልፎ ኣለኹ።

ንነፍሲ ወከፍ ዝሳቐዮ ውርደትን ናይ ቃላት ሕሱም መጥቃዕቲን፣ ስለ ክብሪ ኣኽሊል እሾኻትካ እውፍዮ ኣለኹ።

ንነፍሲ ወከፍ ብዘይርትዒ ዝንቀፎ፣ ስለ ክብሪ ነቲ ኣብ ቅድሚ ጲላጦስ ዝተዋረድካዮ እውፍዮ ኣለኹ።

ንነፍሲ ወከፍ ኣነ ዝጻወሮ ኣብ ኢድ ካልኦት ዘሕልፎ ናይ ስጋ ስቓይ፣ ስለ ክብሪ’ቲ ኣብ ዓንዲ ተኣሲርካ እተገረፍካዮ እውፍዮ ኣለኹ።

ንነፍሲ ወከፍ ዝጻወሮ ዘለፋ፣ ስለ ክብሪ እቲ ኣኽሊል እሾኽ ደፊኦም ዓይንኻ ከንቁሩኻ ከለው ዝተጻወርካዮ ስጋዊ ስቅያት እውፍዮ ኣለኹ።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ንዓኻ ዝመስለሉ ግዜ፣ ኣስተምህሮኻ ኣብ ዘማሓላልፈሉ ግዜ፣ ስለ ስምካ ኣብ ዝናሸወሉ ግዜ፣ ኣብ'ቲ ናብ ቀራንዮ ዝደየብካዮ መንገዲኻ ክሕግዘካ ፍቐደለይ።

ንትዕቢት ከርሕቓን፣ ከም ዘፍቅረካ ክእመን ፈጺመ ከይፈርሕ'ሲ ሓግዘኒ፣ ክቡር የሱስ።

ሽዑ፣ ኩሉ ኣብ ሂወተይ ተስፋ ዘይብሉ መሲሉ ኣብ ዝርኣየሉ፣ ክቡር የሱስ፣ ከመይ ኢልካ ብኣነዋርን ጨካንን ኣገባብ ክትስቀል ከምዝፈቐድካ እናዘከርኩ ክተብዕ ሃግዘኒ።

ስለዝኽሪ ንዓይ ክትብል ዝኸፈልካዮ መስዋእቲ፣ ከም ሓደ ሓቀኛ ክርስትያን፣ ከም ሓቀኛ ወተሃደር ኣብ ሰራዊትካ፣ ብትሕትናን ጣዕሳን ደው ኢለ ክጽብጸብ ሓግዘኒ።

ኢደይ ሓዝ'ሞ፣ ክቡር የሱስ፣ ከመይ ኢሉ ስቓይ ገዛእ ነብሰይ፣ ኻልኦት ንከምኦም ዝኣመሰሉ ንዓኻ ዘፍቅሩ ነፍሳት ሰራዊትካ ክጽምበርዎም ከም ዘለዓዕል ኣርየኒ።

ኣብ'ቲ ናይ መወዳእታ ግጥም ኣንጻር ጭቆና እቲ እከይ፣ ስቅያት ከም ህያብ መድሓን ነፍሳት ኽቕበልን ንዓኻ ክውፍየልካን ሓግዘኒ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (76)
## "ጸሎት እቲ ከሓዲ ህላወ-እግዚኣብሄር"

"የሱስ፣ ፍቕሪ እግዚኣብሄር ከም'ታ ዝርኣኹዋ ጌረ ክቕበሎ ሓግዘኒ።

መታን ክድሕን'ሲ ነዒንተይ፣ ኣእምሮይ፣ ልበይን፣ ነፍሰይን ክፈተለይ።

ንልቤይ ብፍቕርኻ መሊእካ ንኽኣምን ሓግዘኒ።

ሽዑ ሓዘኒ እሞ ካብ ስቅያተ-ምጥርጣር ኣድሕነኒ። ኣሜን።"

## ጸሎተ ገድሲ (77)
## "ስለ ዓባይ ብሪጣንያ"

"ኦ ልዑል ሰማያዊ ኣቦ፣ እግዚኣብሄር ፈጣር ሰብ፣ በጃኻ ንጸሎተይ ስማዕ። ንዓባይ ብሪጣንያ ካብ ቁጽጽር እከይን ምልኪን ከተድሕና እልምነካ ኣለኹ።

ንኩላትና ሰብ ብዙሕ ሃይማኖት፣ እምነታትን፣ ሕብርታትን ብዓይንኻ ከም ሓንቲ ስድራ ክተሕብረና እሓተካ ኣለኹ። ኩላትና ሓቢርና፣ ንኣስተምህሮኻ ዘይሕጋዊ ንምግባር ንዝተኣታተዉ ሕግታት እምብለይ ክንብል ብርትዔ ሃበና።

ፈጺምና ንዓኻ ከይንርሕርሓካ፣ ኩሎም ደቅኻ ክድሕኑ ብመንገዲ ጸሎትና ክንሕግዝ፣ ብርትዔን ትብዓትን ዓድለና።

ዘልኣለማዊ ሂወት ከተምጽኣልናን ናብ ገነትካ ክንኣቱ ንዝኣተኻልና መብጽዓ ክብሪ ንኽንህብ፣ ንኩሎም ኣሕዋተይን ኣሓተይን ብሕብረት ኣክበና። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሊ (78)

## "ካብ እከይ ሰውረኒ"

"ኦ የሱስ፣ ካብ ሓይሊ ሰይጣን ተኸላኸለለይ። ንዕኡን ነቶም ርኹሳት መንገድታቱን ዘለኒ ተኣማንነት ኣብ ዝገድፎ ግዜ፣ ናብ ልብኻ ኣእትወኒ።

ኩሉ ፍቓዳተይ ሓዲገ ብትሑትን ጥዑስን ልቢ ኣብ ቅድሜኻ እምብርከኽ።

ንሂወተይ ኣብ ቅዱሳት ኣእዳውካ የንብር። ካብ እከይ ኣድሕነኒ። ፍትሓኒ እሞ ናብ'ቲ ውሑስ ሰፈር ዑቕባኻ ውሰደኒ፣ ሕጂን ንዘልኣለምን። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሊ (79)

## "ስለ ክልተ ቢልዮን ዝጠፍኡ ነፍሳት"

"ኦ ክቡር የሱስ፣ ምሕረትካ ኣብ ርእሲ'ቶም ዝጠፍኡ ነፍሳት ከተፍስስ እልምነካ ኣለኹ።

ንዓኻ ምንጻጎም ይቕረ ግበረሎም'ሞ፣ መታን ብመንገዲ ምሕረትካ ነፍሳቶም ንምንጻህ ዘድልዮም ጸጋታት ኣብ ርእሶም ከተፍስሰሎም፣ ጸሎተይን ስቅያተይን ተጠቐመሉ።

ንስለ ነፍሳቶም ህያብ ምሕረት እሓተካ ኣለኹ።

መታን ናባኻ ከይዶም ብመንፈስ ቅዱስ ክትመልኦም ክሓቱኻ፣ መታን ሓቅነት ፍቕርኻ ተቐቢሎም ምሳኻን ምስ ኩሎም ስድራታት ኣምላኽ ክነብሩ፣ ንልብታቶም ክተርሑ እሓተካ ኣለኹ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሊ (80)

## "ስለ ነፍሳት እቶም ሂወት ሰብ ዘሕልፉ"

"ኦ የሱስ፣ ስለ'ቶም ሂወት ሰብ ዘሕልፉ ምሕረት እልምን ኣለኹ።

ነቶም ኣብ ዘይምሕር ሓጢኣት ዘለዉ ሕድገት ይምሕጸን ኣለኹ። መታን ልብኻ ክትከፍተሎምን ንሓጢኣቶም ይቕረ ክትብለሎምን፣ ናይ ገዛእ ርእሰይ ስቅያትን ጸበባይን ንዓኻ እውፌ ኣለኹ።

ነቶም ኣብ ነፍሳቶም እከይ ሓሳባት ዘለዎም ብክቡር ደምካ ክትሽፍኖም እሓተካ፣ መታን ካብ ዓመጻኦም ክነጽሁ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሊ (81)

## "ስለ ህያብ ቅዱስ ቁርባን"

"ኦ ሰማያዊ  ሕብስቲ፣ ኣካለይ ብዘድልዮ መግቢ ቀልቦ። ንነፍሰይ ድማ ብመለኮታዊ ህላወ የሱስ ክርስቶስ ምላእ።

ንቅዱስ ፍቓድ እግዚኣብሄር ክመልእ እቲ ጸጋታት ዓድለኒ።

ብቅዱስ ህላወኻ ዝመጽእ ሰላምን ህድኣትን ምልኣኒ። ንህላወኻ ክጠራጠር ፈጺምካ ኣይትፍቀድ።

ብስጋን ነፍሲን ክቕበለካ ሓግዘኒ፣ ብቅዱስ ቁርባን ንዝወርደለይ ጸጋታት ንክብሪ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ከግህድ ይሓግዘኒ።

ልበይ ኣንጽህ። ነቲ ዝዓበየ ህያብ፣ ህያብ ቅዱስ ቁርባን ክቕበል እንክለኹ፣ ንነፍሰይ ከፊትካ ባርኸኒ።

እቲ ጸጋታትን ንሱ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ደቂ ኣምላኽ ዘውርዶ ጉንፆታትን ዓድለኒ፣ ከምኡ'ውን ካብ ሓዊ ሲኦል ከውሊ ሃበኒ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሊ (82)

## "ንዓወት እታ ተሪፋ ዘላ ቤተ-ክርስትያን"

"የሱስ፣ ንጉስን መድሓኒን ኩሉ ዓለም፣ እቲ ዓብዪ ኣምላኻዊ ክብርኻ ንኹሉ ንምእዋጅ ሓበንና፣ እሙንነትናን ተግባርናን ንዓኻ ንህብ።

ነቲ ሓቂ ኩልግዜ ደው ኢልና ክንእውጅ'ሲ እቲ ብርትዔን ምትእምማንን ክንረክብ ሓግዘና።

ኣብ'ቲ ናብ ዓወት እንግስግሰሉን ኣብ'ቲ ናይ ነፍሳት ምድሓን መደባትናን ክንዕንቀፍ ወይ ክንደናኔ ፈጺምካ ኣይትፍቀድ።

ናብ በሪታት እታ ሓዳስ ገነት ኣብ ዝወስድ ኣሿኽ መንገዲ ኣብ እንቕጽለሉ፣ መታን ካብ ዕንቅፋታት ነጻ ክንከዉን'ሲ፣ ስዩም ኢልና፣ ልብናን ኩሉ እንውንኖን ንመባጻዕ ኣለና።

ነፍቅረና ኢና፣ ኣዚኻ ዝኸበርካ የሱስ፣ ኣታ ፍቑር መድሕናን መድሓኔ-ዓለምን።

ስጋና፣ ኣእምሮናን መንፈስናን ኣብ ውሽጢ ቅዱስ ልብኻ ነሕብሮ።

ጺጋ ዑቕባኻ ኣብ ርእሴና ኣፍስስ።

መታን ብትብዓትን ፍቕሪን ተመሊእና ደው ኢልና ሓቅነት ሓዳስ መንግስትኻ ክንእውጅ ብኽቡር ደምካ ሸፍነና። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (83)

## “ንምቅላል መቕጻዕትታት”

“ኦ ክቡር ኣቦ፣ ልዑል እግዚኣብሄር፣ ንሕና መሳኪን ደቅኻ፣ ኣብ ቅድሚ’ቲ ኣዝዩ ዘደንቕ ሰማያዊ ዙፋንካ ፍግም ንብል።

እከይ ዘበለ ካብ ዓለም ክተጠፍእ ንልምነካ ኣለና።

ኣብ ምድሪ ኣብ ልዕሊ ዘለዉ ደቅኻ ሕሱም መከራ ንዘውርዱ ነፍሳት ምሕረት ክትገብረሎም ንምሕጸነካ ኣለና።

በጃካ ይቕረ ግበረሎም።

ሓንሳብ መንነቱ ምሰፍለጠ፣ ነቲ ጸረ-ክርስቶስ በጃካ ኣልግሶ።

ንሓተካ ኣለና፣ ክቡር ጎይታ፣ እታ ናይ መቕጻዕቲ ኢድካ ከተፍኩሰልና። ኣብ ክንዴኡስ፣ ስለምቅላል ስቅያት ደቅኻ ኣብ’ዚ እዋን ክትብል፣ ንጸሎታትናን ስቅያትናን ክትቅበል ንልምነካ ኣለና።

ብኣኻ ንእመን። ነኽብረካ ኢና። ንዓና ካብ ሓጥያት ከተድሕን ክትብል ነቲ እንኮ ወድኻ ብምልኣኽ ዝገበርካዮ ዓብዪ መስዋእቲ ነመስግነካ ኣለና።

ንወድኻ ከም መድሕን ደቅሰብ ዳግማይ ክመጽእ ብሓጎስ ንቕበሎ።

በጃኻ ተኸላኸለልና። ካብ ሕማቕ ሰውረና።

ንስድራታትና ርዳእ።

ኣባና ምሕረት ኣርኢ። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (84)

## “ነፍሳት እቶም ንዓለም ዝመርሑዋ ዘለዉ ሕሩያት ንምንቃሕ”

"ኦ ክቡር የሱስ፣ ነፍሳት እቶም ንዓለም ዝመርሑዋ ዘለዉ ሕሩያት ከተንቅሕ እልምነካ ኣለኹ።

መርትዖ ምሕረትካ ኣርእዮም።

ስለ ክብሪ ንሓጢኣቶም ክትብል ብስቕለተ-ሞትካ ዝኸፈልካዮ ዓብዪ መስዋእትኻ፣ ሰብ ክፉታት ልቢ ክኾኑን ሓቀኛ ትሕትና ከርእዩን ሓግዞም።

ሓቀኛ ሰራሒኦም፣ ፈጣሪኦም መን ምዃኑ ከለልዩ ሓግዞም፣ ከምኡ'ውን ነቲ ሓቂ ንኽርእዩ ብጸጋታት ምልኣዮም።

እቲ ብመንገዲ ክታበታት፣ ሕጽረት ምግቢ፣ ንጹሃት ህጻናት ኣገዲድካ ንመዕበያ ብምሃብ፣ ከምኡ'ውን ምፍንጫል ስድራቤታት ኣቢሎም ሚልዮናት ሰባት ክሃስዩ ዘለዎም መደባት ከልክሎ።

ፈውሶም።

መታን ካብ መፈንጠራ እቲ ርኹስ ክድሕኑስ ብብርሃንካ ሸፊንካ ኣብ ሕቖፊ ልብኻ ኣእትዎም። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (85)

## "ንሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ካብ ኢድ እቲ መታለሊ ንምድሓን"

"ኦ ክቡር የሱስ፣ ንሃገርና በቲ ኣዝዩ ክቡር ዑቕባኻ ጎልብባ።

ኣንጻር ትእዛዛት እግዚኣብሄር ዝፈጸምናዮ ሓጢኣታትና ኩሉ ይቕረ በለልና።

ህዝቢ ኣሜሪካ ገጹ ናብ ኣምላኽ ክመልስ ሓግዞ።

ኣእምሮኦም ነቲ ሓቀኛ መንገዲ እግዚኣብሄር ክፈት።

ንኢድ ምሕረትካ ብሓንጎፋይ መታን ክቕበሉ፣ ዝተረረ ልብታቶም ፍታሕ።

ህላወኻ ክንክሕድ ከገድዱ ኣብ ልዕሌና ንዝወርዱ ንዓኻ ዘራኽሱ ነገራት፣ እዛ ሃገር ክትምክቶም ሓግዛ።

ነማሕጽነካ ኣለና፣ የሱስ፣ ካብ ኩሉ ጉድኣት ከተድሕነናን ከተዕቁበናን፣ ከምኡ'ውን ንህዝብና ኣብ ቅዱስ ልብኻ ክትሓቑፎን። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (86)

## “ካብ ስቓይ ምጥርጣር ፍትሓኒ”

“ተደናጊረ፣ ርግጸኛ ምዃን ስኢነን ተበሳጭየን ኣብ ቅድሜኻ መኢኤ ኣለኹ፣ ክቡር የሱስ፣ ምኽንያቱ ድማ እቲ ብመልእኽትካ እተማሓላልፎ ሓቂ ስለዘጨንቐኒ ኢዩ።

እንተበዲለካ ይቕረ ግበረለይ።

ዘይሰምዓካ እንተኾይነ ይቕረ በለለይ።

ነቲ ክርዳኣኒ እትደልዮ ነገር መታን ክርእዮስ ኣዒንተይ ክፈተን።

ነቲ ሓቂ መታን ክርእየኒስ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ክትህበኒ እምሕጸነካ ኣለኹ።

ኤፍቅረካየ’ሞ፣ ክቡር የሱስ፣ ካብ ስቅያት ጥርጥር ክትፈትሓኒ እልምነካ ኣለኹ።

ንጻውዒትካ ክምልስ ሓግዘኒ።

እንተ’ቐዪመካ ይቕረ በለለይ’ሞ፣ ናብ ልብኻ ኣቕርበኒ።

ናብ ሓዳስ ንግስነትካ ምርሓኒ፣ ከምኡ’ውን ነቶም ንቕዱስ ልብኻ ኣዝዮም ክቡራት ዝኾኑ ነፍሳት ኣብ ምድሓኖም፣ ብመንገዲ ጸሎተይን ስቅያተይን፣ መታን ክሕግዘካስ እቲ ጉንዖ ሃበኒ። ኣሜን።”

### ጸሎት ገድሲ (87)

## “ሃገርና ካብ እከይ ኣዕቁባ”

“ኦ ኣቦ፣ ኣብ ክንዲ ወድኻ፣ ካብ ዴስነት ኣድሕነና። ካብ ውልቀ-መለኽቲ ኣድሕነና።

ንሃገርና ካብ ኣረማውነት ተኸላኸለላ።

ደቅና ካብ ሓደጋ ሰውሮም።

ብርሃን እግዚኣብሄር ክንርኢ ሓግዘና።

ልብታትና ንኣስተምህሮ ወድኻ ኣርሕዎ።

ኩለን ኣብያተ-ክርስትያን ንቃል ኣምላኽ ሓቀኛታት ኮይነን ክጸንሓ ሓግዘን።

ሃገራትና ካብ ምስጓግ ውሑሳት ክትገብረን ንልምነካ ኣለና።

ዝኸበርካ ጎይታ፣ ክሳብ ክንደይ ነቐዩምካ'ሲ ብዓይኒ ምሕረትካ ጠምተና።

የሱስ፣ ወዲ ሰብ፣ ብኽቡር ደምካ ጎልብበና።

ካብ መፈንጠራ እቲ ርኹስ ኣድሕነና።

ንምሕጸነካ ኣለና፣ ክቡር እግዚኣብሄር፣ ኣብ'ዚ እዋን ጣልቃ ኣቲኻ እከይ ንዓለም ከይውሕጣ ደው ኣብሎ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (88)

## "ንነፍሳት፣ ድሕሪ እቲ መጠንቀቕታ"

"ኦ ቅዱስ ልቢ የሱስ፣ ንዓና ንኹሎም መሳኪን ሓጥኣን ምሕረት ኣርኢ።

እቶም ብዓቕሊ ጽበት መሪሕነት ሃሰው ዝበሉ ዘለዉ ልብታት ደንጎላ ኣንቅሓዮም።

ንስሕታኖም ይቕረ በለሎም።

ብመንገዲ ፍቕርኻን ምሕረትካን፣ ነቲ ዝዓበየ ህያብ ድሕነትካ ኣብ ውሽጢ ልቦም ክረኽብዎን ክርድኡዎን ሓግዞም።

ንሓቂ ኣምላኽ ዝነጽጉ ኩሎም ነፍሳት ይቕረ ክትብለሎም እምሕጸነካ ኣለኹ።

መታን ነቲ ካባኻ ክበትኮም ናይ ዝደሊ ዲያብሎስ ክፍኣትን መፈንጠራን ከይርእዩዎ፣ ብብርሃንካ ሸፊንካ ንዘልኣለም ኣዕውሮም፣ ክቡር የሱስ።

ኩሎም ደቂ ኣምላኽ ንዓብዪ ምሕረትካ ከመስግኑኻ መታን ክኽእሉስ፣ ብርትዔ ክትህቦም እልምነካ ኣለኹ።

ነቶም ኣብ ምድሪ ብድኻምን ተስፋ ምስኣንን ክርተት ዝብሉ ዘለዉ ዝጠፍኡ ነፍሳት፣ ናይ ንግስነትካ ማዕጾ ከተርሕወሎም እሓተካ ኣለኹ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (89)

## "ነቶም ዘደንግጹ ሓጥኣን"

"ክቡር የሱስ፣ ነፍሰይ ብጣዕሳ መሊኤ ናባኻ ክመጽእ'ሲ፣ ንዓይ ንምስኪን መደንገጽ ሓጥእ ሓግዘኒ።

ካብ'ቶም ሂወተይ ዘብረሱ ሓጢኣታት ኣንጻሃኒ።

ካብ መቑሕ ሓጢኣት ነጻ ኮይነ፣ ሰንኪ ሓጢኣተይ ዝሰኣንኩዎ ናጽነትን ሓድሽ ሂወትን ሃበኒ።

ብብርሃን ምሕረትካ ሓድሰኒ።

ኣብ ልብኻ ሕቖፈኒ።

ናባኻ ክቕርብን ንዓኻ ዘለኒ ፍቕሪ ክውላዕን፣ ፍቕርኻ ከምዝስማዓኒን ግበር።

ምሕረትካ ለግሰለይ'ሞ፣ የሱስ፣ ካብ ሓጢኣት ነጻ ግበረኒ።

ሓዳስ ገነትካ ክኣትዋ ብቑዕ ግበረኒ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (90)

### "ምስጋና ነቲ ኣዝዩ ክብሪ ዝመልአ ዳግማይ ምጽኣትካ"

"ኦ የሱስ፣ ነቲ ኣዝዩ ክብሪ ዘለዎ ዳግማይ ምጽኣትካ እውድሰካን ምስጋናይ ኤቕርበልካን።

ንስኻ፣ መድሕነይ፣ ዘልኣለማዊ ሂወት ክትህበኒን ካብ ሓጢኣት ነጻ ከተውጻኒን ተወለድካ።

ነፍሰይ ንዓብዪ ምጽኣትካ ከዳልዋ እንከለኹ፣ ፍቕረይ፣ ምስጋናይን፣ ኣምልኾይን ኤወፍየልካ ኣለኹ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሲ (91)

### "ንእምነተይ ሓቀኛ ግበረኒ"

"ኦ ብርኽቲ ኣደ ድሕነት፣ ኣብ ዘድልየኒ ግዜ፣ እከይ ከገጥመኒ እንከሎ ተኸላኸልለይ።

ንቃል ኣምላኽ ብብርትዔን ትብዓትን፣ ብዘይዝኾነ ፍርሒ ኣብ ነፍሰይ ክከላኸል ሓግዘኒ።

ንኣስተምህሮታት ክርስቶስ እሙን ኮይነ ክጸንሕን፣ ንፍርሕታተይ፣ ጭንቀታተይን፣ ጓሂታተይን ጠሪሸ ክቆጻጸሮም እጽሊ።

ዋላ'ኳ ጸላእቲ እግዚኣብሄር ነዚ ዕዮ ዳርጋ ዘይፍጸም እንተገበርዎ፣ ሓቅነት እቲ ቅዱስ ቃል እግዚኣብሄር ንክእውጅ፣ ኣብ'ዚ ጽሙው መንገዲ ብዘይ ፍርሒ ንኽድሚት ክጓዓዝ ሓግዘኒ።

ኦ ብርኽቲ ኣደ፣ ኣብ ግዜ እቲ ምስጓግ፣ እምነት ኩሎም ክርስትያናት ኣብ ኩሉ ግዜያት ጸኒዑ ክጸንሕ ብመንገዲ ጸሎትኪ እሓተኪ ኣለኹ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሊ (92)

## “ስለ ጸጋ ምጽዋር”

“ኦ ክቡር የሱስ፣ ህያብ ምጽዋር እሓተካ ኣለኹ።

ነቲ ኣዝዩ ቅዱስ ቃልካ ንምዕቃብ ዘድሊ ጸጋታት ክትዕድለኒ እልምነካ ኣለኹ።

ዝኾነ ተረፍ ጥርጣረታተይ ከተወግደለይ እሓተካ ኣለኹ።

ንነፍሰይ ብዋሕዚ ለውሃት፣ ዓቕሊን ጽንዓትን ክትመልእ እሓተካ ኣለኹ።

ኣብ ክንዲ ቅዱስ ስምካ ክጽረፍ ከለኹ፣ ምስ ክብረይ ክጸንሕ ሓግዘኒ።

ንወድሰብ ከተድሕን መታን ክሕግዘካ ከይተሓለልኩ ኣብ ዝሰርሓሉ፣ ኣበርትዓኒን ከቐጸለኒ ዘኽእል ጸጋኻ ኣልብሰኒ፣ ወላ ኣብ ዝደኸመሉ፣ ዓቕሚ ኣብ ዝሓጽረኒ፣ ከምኡ'ውን ኩሉ መከራ ኣብ ዝገጥመኒን። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሊ (93)

## “ስለ ንብዓት ምቕባል ክርስቶስ”

“ኦ ፍቑር የሱሰይ፣ ንስኻ ናብ ልበይ ቀረባ ኢኻ።

ኣነ ምሳኻ ሓደ ኢየ።

ኤፍቅረካየ።

ብልቢ ኤኽብረካየ።

ፍቕርኻ ከም ዝሰምዓኒ ግበር።

ቃንዛኻ ከምዝርዳኣኒ ግበር።

ህላወካ ከምዝስማዓኒ ግበር።

ጸጋ ትሕትና ዓድለኒ፣ መታን ከም'ቲ ኣብ ሰማይ ኣብ ምድሪ'ውን ንግስነትካ ክወርስ ብቑዕ ክኸዉን።

ኣብ'ቲ ቅድሚ ንህሉዋትን ምዉታትን ንምፍራድ ዳግማይ ምምጻእካ ንነፍሲ-ወከፍ ኣብ ምድሪ ዘላ ነፍሲ ንምድሓን ኣብ ዘለካ ተልእኾ መታን ክሕግዘካ፣ ከም ሓቀኛ ወደ-መዝሙር ብቅንዕና ነብሰይ ክውፍየልካ፣ ንብዓት ምቕባል-ክርስቶስ ዓድለኒ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሊ (94)

## "ንኣእምሮ፣ ኣካልን ነፍስን ምፍዋስ"

"ኦ ክቡር የሱስ፣ ብድኻም፣ ብሕማም፣ ብቃንዛን፣ ደሃይካ ክሰምዕ ብናፍቖትን ኣብ ቅድሜኻ ንነብሰይ የንብር።

መታን ብዋሕዚ መለኮታዊ ብርሃንካ ውሽጢ ኣእምሮይ፣ ስጋይን፣ ነፍሰይን ክምላእ'ሲ ብመለኮታዊ ህላወኻ ተንከፈኒ።

ብምሕረትካ እኣምን ኢየ።

መታን ካብ'ዚ ቃንዛን ደልሃመትን ትፍውሰኒ፣ መታን ዳግማይ ሙሉእ ክኸውን፣ መታን መንገዲ ሓቂ ክስዕባን ናብ ሂወት እታ ሓዳስ ገነት ክትመርሓኒ ክፈቕደልካን'ሲ፣ ቃንዛይን ስቅያተይን ኩሉ ኣብ ቅድሜኻ ኣራጊፈ ብኣኻ ክኣምን እቲ ጸጋ ክትህበኒ እሓተካ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሊ (95)

## "ንጸሎት ግዜ ንኽርከብ ሓገዝ"

"ኦ ኣደ ድሕነት፣ ንጸሎት ዝኸዉን ግዜ ክረክብ ኣብ ዝቃለሰሉ፣ ንረድኤተይ ምጺ።

ንፍቑር ወድኺ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ክሳብ ክንደይ ከም ዘፍቅሮ ንኽርኢ ዝግብኦ ግዜ መታን ክህቦ ሓግዝኒ።

እቲ ዘድልየኒ ጸጋታት ክትደልዩለይ እሓተኪ ኣለኹ፣ ናተይ ብርኽቲ ኣደ ድሕነት፣ መታን ናብ ሕቑፊ ቅድስቲ ልቡ ክጥርንፈኒ'ሲ ካብ ክቡር ወድኺ ኩሉ ጸጋን ጉንዖን ሕተትለይ። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሊ (96)

## "ስለ ቡራኬን ዑቕባን ናይ ገድሊ ጸሎት ጉጅለና"

### ቅድምን ድሕርን ኣኼባ ጉጅለ ጸሎት *የሱስ-ንወድሰብ* ክጽለ ዘለዎ

## ጸሎት ገድሲ (97)

## “ጉጅለታት ናይ ገድሲ ጸሎት ንምሕባረን”

“ኦ ፍቕርቲ ኣደ ድሕነት፣ እምሕጸነኪ ኣለኹ፣ ብጸሎትኪ፣ ኣብ ሙሉእ ዓለም ተሪፎም ዘለዉ ሰራዊት እግዚኣብሄር ከተሕብርዮም እምሕጸነኪ ኣለኹ።

ብመንገዲ ምሕረት ወድኺ የሱስ ክርስቶስ፣ ንኹለን ጉጅለታት ናይ ገድሲ ጸሎት፣ ጸጋ ድሕነት ኣብ ልዕሌና ኣፍሲስኪ ሽፍንና።

መላእኽትኺ ሰዲድኪ ንነፍሲ-ወከፍና ሽፍንና፣ ብፍላይ'ኳ ነቶም ነተን ጉጅለታት ናይ ገድሲ ጸሎት ዝመርሑ ኣቕሽሽቲ።

ኣብ ሞንጎና ምፍንጫል ካብ ዘምጽኡ ኣድህቦና ዝርብሹ ነገራት ክንርሕቕ ሓግዝና። ሰንኪ ፍቕርና ንየሱስ ክርስቶስ፣ ኣብ'ዚ ቅዱስ ተልእኾ ምድሓን ነፍሳት ንዝገጥሙና መጥቃዕትታት ብህያብ ድርዕኺ ተኸላኸልልና። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (98)

## “መራሕቲ ዓለም ብጸጋታት ኣምላኽ ክጉልበቡ”

“ኦ ብርኽቲ ኣደ ድሕነተይ፣ በጃኺ ነዞም ንዓለም ዝቆጻጸሩዋ ዘለዉ መራሕቲ ጸግኡን ፍቕሩን ከፍስሰሎም ንወድኺ ሕተትልና።

ብርሃን እግዚኣብሄር ካብ ዑረቶም ክፍውሶምን ንደንጎላ ልብታቶም ክኸፍተሎምን ጸልዩ።

ንጹሃት ሰባት ከየሳጉጉ ደው ኣብሊ።

በጃኺ የሱስ ክመርሖም ጸልዩ፣ ኣስተምህሮታቱ ኣብ ሙሉእ ዓለም ንዘለዉ ህዝብታት ከይባጻሕ ከይክልክሉ ደው ኣብልዮም። ኣሜን።”

## ጸሎት ገድሲ (99)

## “ንድሕነት ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን”

“ኦ ኩሉ ዝከኣሎ እግዚኣብሄር፣ ብስም ፍቑር ወድኻ የሱስ ክርስቶስ፣ ኣብ ኣውስትራልያን ኒው ዚላንድን ንዘለዉ ደቅኻ ምሕረት ግበረሎም።

ቅዱስ ቃልካ ብምንጻግና ይቕረ ግበረልና።

ንሓጢኣት ዘይተገዳስነትና ይቕረ በለልና።

ኣረሜናዊ ባህልና ወግደልና፣ ከምኡውን ተስፋ፣ እምነትን፣ ልግሲን ኣብ ሞንጎ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ከነስርጽ ብጸጋታት ጎልብበና።

ቅኑዕን ጌጋን ናይ ምልላይ ህያብ ክትህበና ንልምነካ ኣለና፣ መታን ኩሎም ነፍሳት መፍትሕ ዘልኣለማዊ ሂወት ክዋሃቡ ድማ እቲ ሓቅነት ቅዱስ ቃልካ ጥራይ ክስማዕ መታን ከነረጋግጽ ባርኾትካ ክትህበና ንሓተካ። ኣሜን።”

### ጸሎት ገድሲ (100)

## “ክርስትያናውነት መታን ክነብር”

ኦ ክቡር የሱስ፣ እቲ ናይ መወዳእታ ናይ ሓቂ ሊቀ-ጳጳሳት ተልእኾ ናትካ ኣብ ዝውድኣሉ፣ ነዞም ሕጂ ዝገጥሙና ፈተናታት መታን ክንሓልፎም እቲ ክእለት ክትህበና ንልምነካ አለና።

ድሕሪ እቲ ብሸዑኡ ዝፈለጥናዮ ውድቀት እታ ቤተ-ክርስትያን፣ ብሕጂ ንዝገጥመና ሕሱም ወጽዓ ክንሰግሮ ሓግዘና።

ካብ’ቲ ሓቅነት መለኮታዊ ቃልካ ፈልከት ክንብል ኣይተፍቀድ።

ንዓኻን ነቶም ነዛ ዓለም ዝሃብካዮም ምስጢራት- ቤተክርስትያንካን ሕቖና መታን ክንህብ ከስድዑ ኣብ መንኩብና መጥቃዕትታት ኣብ ዘንብሩሉ ትም ክንብል ሓግዘና።

ከም ዋልታ ኮይኑ ካብ’ቲ ሓሳዊ መሲሕን እቲ ጸረ-ክርስቶስን መታን ክንከላኸለሉ፣ በቲ ኣዝዩ ዘድልየና ፍቕሪ ንሰራዊትካ ሸፍነና።

መታን ኣብ’ቲ ሓቂ ለጊበም ነሕዋትናን ነሓትናን ኣብ መንገዲ ሓቂ ንዳግማይ ምጽኣትካ ብግቡእ ተዳሊና ክንጸንሕ ክትመርሖም ክሕግዙኻ፣ ኣብ ምድሪ ዘላ ቤተክርስትያንካ ክትሰፍሕን ክትባዛሕን ሓግዛ።

## ጸሎት ገድሊ (101)

## “ህላወ የሱስ ክስማዓካ ዝግበር ናይ ትኣምር ጸሎት”

ኦ ክቡር ኩሉ ዝከኣሎ ኣቦ፣ ፈጣሪ ኩሉ ዝኾነን ዝኸውንን፣ ንኹልና እቶም ሎሚ ህላወ ፍቑር ወድኻ ኣብ ቤተክርስትያን ነለሲ ዘበልና ጽኑዓት ክንከውን ሓግዘና።

**ንመድሓኒየይ ወድኻ የሱስ ክርስቶስ** ኣብ ዝስዕበሉ፣ ካብ ዘገጥመኒ ፍርሒ፣ ጽምዋ፣ ምንጻግ ብፍቱዋተይን ክስዕሮ ሓግዘኒ።

በጃኻ ኣብ'ቲ ንምድምሳስ፣ ምምቕቓልን፣ ዕንወትን ደቂ ኣምላኽ ብሰይጣን ዝተማህዘ መጸወድያ ሓሶት ከይወድቁ ነቶም ፍቱዋተይ ሓልወለይ።

ኣብ ቤተክርስትያንካ ነቲ ፉንፉን ነገር ዝስዕቡ ዘበሉ ካብ ዘልኣለማዊ ገሃነመ-እሳት ከድሕኑ ሓግዝ።

ኣሜን።

## ጸሎት ገድሊ (102)

## “ዓለም ኣብ መልእኽቲ ኣምላኽ እምነት ክተሕድርን ክትኣምነሉን ንምግባር”

ክቡር የሱስ፣

ተስፋ ኣብ ዝቖርጸሉ፣ ክብ ኣብለኒ።
ኣብ ዝጠራጠረሉ፣ ግለጸለይ።
ክጉሂ እንከለኹ፣ ፍቕርኻ ኣርእየኒ።
ክነቅፍ እንከለኹ፣ ትም ክብል ሓግዘኒ።

ንኻልእ ሰብ ኣብ ቅድሚ ሓፋሽ ክፈርድ እንከለኹ፣ ክናፍረይ ሕተመን።

ስምካ ጠቒሰ ንቅዱስ ነገር ዘራኽስ ክወጽኒ እንከሎ፣ ኣድሕነኒን ናብ ዑቕባኻ ምለሰኒን።

ትብዓት ክሓጽረኒ እንከሎ፣ ንውግእ ዘድልየኒ ሴፍ ሃበኒ'ሞ ነተን ትብህገን ነፍሳት ክድሕነን።

ንፍቕርኻ ክሕንግድ እንከለኹ፣ ንፍቕራዊ ተገዳስነትካ ስዩም ክብልን ነብሰይ ፈጺመ ክርሕርሕን ሓግዘኒ።
ራሕሪሐ

መንገደይ ክስሕት እንከለኹ፣ ነታ መንገዲ ሓቂ ክረኽባ ሓግዘኒ።
ንቃልካ ክጠራጠር እንከለኹ፣ እተን ዝደልየን መልስታት ሃበኒ።

ዓቃል፣ ፈቃርን ሕያዋይን ክኸውን ሓግዘኒ፣ ነቶም ዝጸርፉኻ ከይተረፈ።

ነቶም ዘቐይሙኒ ይቕረ ክብለሎም ሓግዘኒን፣ ክሳብ መወዳእታ ዓለም ክስዕበካ ዘድልየኒ ጸጋ ሃበኒን። ኣሜን።"

## ጸሎት ገድሊ (103)

## "ጽዋዕ ስቕያት ክርስቶስ ንምክፋል"

**ክቡር የሱስ፣ ኣብ ቅድሜኻን ኣብ ትሕቲ እግርኻን ስለ ጽቡቕ ኩሉ ድላይካ ክትገብረኒ ይቐርብ።**

ጽዋዕ ስቕያትካ ክካፈላ ፍቐደለይ።

ነቶም ዝጠፍኡን ተስፋ ዝሰኣኑን መሳኪን ነፍሳት መታን ከተድሕን ነዚ ህያብ ካባይ ውሰድ።

መታን ቃንዛኻ ክካፈሎ እንሄልካ ስጋይ።

ንልበይ ኣብ ቅዱሳት ኣእዳውካ ሓዝ፣ ንነፍሰይ ድማ ምሳኻ ኣሕብራ።

መታን ንኩሎም ሓጥኣን ከተድሕንን ንኩሎም ደቂ ኣምላኽ ንዘልኣለም ዓለም ክተሕብሮም'ሲ፣ ብመንገዲ ህያብ ስቕያተይ፣ መለኮታዊ ህላወኻ ንነፍሰይ ክሓቁፍ እፈቅድ። ኣሜን።"

እዚ በወገንካ ንዓይ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ መድሓኒ ኲሉ ዓለም፣ ዝቐረበለይ መስዋእቲ ኣብ ልዕሊ ኲላ ዓለም እቲ ዓብዪ ምሕረተይ ከፍስሰላ ከኽእለኒ።

ብዝያዳ'ኳ ደኣ፣ ነቶም ንዓይ ዝጸልኡኒ እውን ከድሕኖም ኢየ። ጸሎትካን መስዋእትኻን እቲ እንኮ ናይ ድሕነት ጸግኦም ኢዩ፣ ምኽንያቱ ብዘይ ንሱ በቲ እከይ ምጠፍኡ።

ነዚ ስቅያት ክትጻወር ካብ ተመነኻዮ፣ ብዙሕ ቡራኬታት ክዕድለካ ኢዩ'ሞ ንዓለም ካብ'ቲ ዘላቶ ድቃስ ተበራቢራ እቲ ሽፋኑዋ ዘሎ ናይ ምትላል መቕንዓት መታን ከልግሰላ ኣብ'ቲ ጉዕዞይ ምሳይ ክትቅጽል እሓተካ።

ናትካ የሱስ

# ምህለላታት (ናይ ሓባር ጸሎታት)

## የሱስ ንወድ-ሰብ ጸሎተ-ምህላ (1)

## “ዑቕባ ኣንጻር ሓሳዊ ነቢይ”

*“ዝኸበርካ የሱስ፣ ካብ ምትላል እቲ ሓሳዊ ነቢይ ኣድሕነና።*

*የሱስ፣ ኣብ ልዕሌና ምሕረት ኣርኢይ።*

*የሱስ፣ ካብ ምስዓግ ኣድሕነና።*

*የሱስ፣ ካብ’ቲ ጸረ-ክርስቶስ ዓቅበና።*

*ጎይታ፣ ምሕረት ኣውርድ። ክርስቶስ፣ ምሕረት ግበር።*

*ዝኸበርካ የሱስ፣ ብኽቡር ደምካ ጎልብበና።*

*ዝኸበርካ የሱስ፣ ኣዒንትኻ ንሓሱታታ እቲ ሓሳዊ ነቢይ ክፈት።*

*ዝኸበርካ የሱስ፣ ቤተ-ክርስትያንካ ኣሕብራ።*

*የሱስ፣ ንምስጢራት ቤተ-ክርስትያን ተኸላኸል።*

*የሱስ፣ እቲ ሓሳዊ ነቢይ ቤተ-ክርስትያንካ ክይከፋፍል ኣይትፍቀድ።*

*ዝኸበርካ የሱስ፣ ከም ሓቂ መሲሎም ንዝቐረቡልና ሓሶታት ክንነጽጎም ሓግዘና።*

*የሱስ፣ ብርትዔ ሃበና።*

*የሱስ፣ ተስፋ ሃበና።*

*የሱስ፣ ነፍስታትና ብዋሕዚ መንፈስ ቅዱስ ምላእ።*

*የሱስ፣ ካብ’ቲ ኣራዊት ተኸላኸለልና።*

*የሱስ፣ መታን ወትሩ መንገዲ እታ ሓቀኛ ቤተ-ክርስትያንካ ክንስዕብ ክንክእል’ሲ፣ ህያብ’ቲ ቅኑዕን ጌጋን ምልላይ ዓድለና፣ ንዘልኣለም ዓለም። ኣሜን።”*

## የሱስ ንወድ-ሰብ ጸሎተ-ምህላ (2)

## “ስለ ጸጋ ከውሲ”

*“ኦ ልዑል ሰማያዊ ኣቦ፣ ኤፍቅረካየ።*

*ኤኽብረካየ።*

*ጎይታ፣ ምሕረት ኣውርድ።*

*ጎይታ፣ ንስሕታንና ይቕረ ግበረልና።*

*ኤምልኸካየ።*

*እውድሰካየ።*

*ንኩሉ ፍሉይ ጸጋታትካ ኤመስግነካ ኣለኹ።*

*ስለ’ቶም ፍቑራተይ ጸጋ ከውሲ እልምነካ ኣለኹ (ኣብ’ቲ ንድሕነት ነፍሳት ዝሓዝካዮ ዝርዝር ኣስማት ኣብ’ዚ ስመዮም)።*

*ናይ ወትሩ ተኣማንነተይ እውፍየልካ ኣለኹ።*

*ንስኻ፣ ኦ ልዑል ሰማያዊ ኣቦ፣ ፈጣሪ ኩሎም ነገራት፣*

*ፈጣሪ ኣድማሳት፣*

*ፈጣሪ ወድሰብ፣*

*ንስኻ ምንጪ ኩሎም ነገራት ኢኻ።*

*ንስኻ ምንጪ ፍቕሪ ኢኻ።*

*ንስኻ ፍቕሪ ኢኻ።*

*ኣነ ኤፍቅረካ ኢየ።*

*ኤኽብረካየ፣ ነብሰይ ኣብ ቅድሜኻ ኤቕርብ ኣለኹ።*

*ስለ እቶም ዘይፈልጡኻ፣*

*ዘየኽብሩኻ፣ ናይ ምሕረት ኢድካ ዝነጽጉ ኩሎም ነፍሳት ምሕረት እልምን ኣለኹ።*

*ካብ እኪይ ተሰዊረ መታን ኣብ ሕቛፎኻ ክትቅበለኒ፣ ብኣእምሮይ፣ ብሰጋይ፣ ብነፍሰይ፣ ገዛእ ነብሰይ ንዓኻ እህብ ኣለኹ። መታን ኩሎም ደቅኻ፣ ኣብ መወዳእታኡ፣ ኣብ'ቲ ንኹልና ኢልካ ዝፈጠርካዮ ውርሲ ሓቢሮም ክወርሱ በሪ ገነት ክትከፍት እሓተካ ኣለኹ። ኣሜን።"*

## የሱስ ንወድ-ሰብ ጸሎተ-ምህላ (3)

## "ንቃል እግዚኣብሄር ተኸላኸል"

*"ኦ ክቡር የሱስ፣ ንእግዚኣብሄር ካብ ዘቖጹሙ ሓሶታት ሓልወና።*

*ካብ ሰይጣንን ሰራዊቱን ሓልወና።*

*ዝያዳ ከነፍቅረካ ሓግዘና።*

*ኣብ ገድልና ክንጸንዕ ኣጽንሓና።*

*ብእምነትና ተኸላኸለልና።*

*ናብ ውሑስ መዕቆቢኻ ምርሓና።*

*ስለ ቅዱስ ፍቓድካ፣ ተላዒልና ክንምክት ሓግዘና።*

*ደቀ-መዝሙርካ ክንከውን ንዝኣተናዮ መብጽዓ ኣደልድል።*

*ትብዓት ሃበና።*

*ምትእምማን ሃበና።*

*ኣብ መንገዲ ሓቂ ምርሓና።*

*ኣንጻር ጸላኢ መከተልና።*

*ጸጋታት ሓለዋኻ ኣብ ርእሴና ኣፍስስ።*

*ካብ ፈተነ ክንርሕቕ ሓግዘና።*

*ናብ ቅድስቲ ልብኻ ኣቕርበና።*

*ወትሩ ንዓኻ እሙናት ኬንና ክንነብር ሓግዘና። ኣሜን።"*

## የሱስ ንወድ-ሰብ ጸሎተ-ምህላ (4)

## “ናይ እግዚኣብሄር ኣቦ መቕጻዕቲ ንምቅላል”

*“ኦ ልዑል እግዚኣብሄር፣*

*ንሓጢኣታት ደቅኻ ምሕረት ክትገብር ንልምነካ ኣለና።*

*ንምድሪ ስለዝሃብካና ነመስግነካ ኣለና።*

*ስለ ሂወት ሰብ ነመስግነካ ኣለና።*

*ንህያብ ሂወት ነኽብር።*

*ንህያብ ሂወት ንድግፍ።*

*ስለ ህያብ ወድኻ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ነመስግነካ።*

*ስለ ህያብ ድሕነት ነመስግነካ።*

*መለኮታውነትካ ንውድስ።*

*ከም’ቲ ኣብ ሰማያት ኣብ ምድር’ውን ቅዱስ ፍቓድካ መታን ክፍጸም፣ ኣብ ቅድሜኻ ፈጺምና ሰዩም ንብል።*

*ስለ ህያብ ንቕሓት ሕልና ነመስግነካ ኣለና።*

*ንስለ መብጽዓ ዘልኣለማዊ ሂወት ነመስግነካ ኣለና።*

*ነታ ሓዳስ ገነት ሓንጎፋይ ንብል።*

*ንኩሎም ነፍሳት፣ እንከላይ ነቶም ዘሳቐዩኻን ካባኻ ዝጠፍኡን፣ ከተድሕኖም ንልምነካ ኣለና።*

*ንኩሎም ደቅኻ ብእተርእዮ ፍቕሪ ነመስግነካ ኣለና።*

*ስለ ህያብ ትንቢት ነመስግነካ ኣለና።*

*ስለ ህያብ ጸሎት ነመስግነካ ኣለና።*

*ሰላምን ድሕነትን ክትህበና ንሓተካ ኣለና። ኣሜን።”*

**የሱስ ንወድ-ሰብ ጸሎት-ምህላ (5)**

## ንድሕነት እቶም ኣብ ዘይምሕር ሓጢኣት ዘለዉ

የሱስ፣ ኩሎም ሓጥኣን ካብ ገሃነመ-እሳት ኣድሕኖም።
ደልሃመት ንዝኾኑ ነፍሳት ይቕረ በለሎም።
ክርእዩኻ ሓግዞም።
ካብ ጸልማት ኣውጽኣዮም።
ኣዕኒቶም ክፈት።
ልብታቶም ክፈት።
ነቲ ሓቂ ኣርእዮም።
ኣድሕኖም።
ክሰምዑ ሓግዞም።
ካብ ትዕቢት፣ ፍትወትን፣ ቅንኢን ኣናግፎም።
ካብ ክፉእ ሓልዎም።
ንረድኤት ዝጣርዕዎ ዘለዉ ስምዓዮም።
ኣእዳዎም ዕተር።
ናባኻ ገጾም ሰሓቦም።
ካብ ምትላል ሰይጣን ኣድሕኖም።
ኣሜን።

### መእተዊ ጸሎት ገድሊ (96)

## “ስለ ቡራኬን ዑቕባን ናይ ገድሊ ጸሎት ጉጅለና”

“ኦ ዝኸበርካ የሱሰይ፣ መታን ኣብ’ዚ ቅዱስ ተልእኾ ምድሓን ነፍሳት ዘሳቕዩና ተካል መጥቃዕቲታት ዲያብሎስን ካልኦት እከይ መንፈሳትን ከውሊ ክንረክብ፣ በጃኻ ነዛ ናይ ገድሊ ጸሎት ጉጅለኻ ባርካን ኣዕቁባን።

ቅዱስ ስምካ ኣብ ቅድሚ ዓለም ክንሕሉ ኣብ ንተግሃሉ፣ ከምኡ’ውን ሓቅነት ቅዱስ ቃልካ ንኽነባጽሕ ኣብ ዘለና ቃልሲ ፈጺምና ከይነንሳሕብ’ሲ እሙናትን ጽኑዓትን ጌርካ ኣጽናሓና።

ኣሜን።”